
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.37 | ሰንበት 13 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 — ንህይወት ሰብ ጸለውቲ. . .



ገጽ 3 — ተጽዕኖታት ክሊማዊ ለውጢ . . .




ገጽ 4 — ካብ ንቡር ኩነተ-ኣእምሮ. . .



ገጽ 5 — ዓይነታት ዝርርብ ኣብ . . .



ገጽ 11 — ኤርትራ፡ ሕጂ'ውን . . .




## ደቡብ - ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ክድፋኣሉ፡ ሓረስቶት ሓቲቶም




ኣብ ዞባ ደቡብ - ሓረስቶት ዓዲ-ለኹ፡ ተራ-እምኒን ደባርዋን፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዘፍረዮ ምሩጽ ዘርኢ ዕፉን ዘተባብዕ ወጽኢት ስለዘርኣዮ፡ ብዝለዓለ ክድፋኣሉ፡ ብ9 ጥቅምቲ ኣብ ዝተኻየደ መዓልቲ ሓረስቶት ሓቲቶም።

ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ሚኒስትሪ ሕርሻ ሓላፊት ልምዓት ዘርኢ ወ/ሮ ገነት ጉብረእግዚኣብሄር ኣብ ዘስመዓቶ ቃል፡ ኣብ 2022 ኣብ ዞባታት ደቡብን ማእከልን ተፈቲኑ 'ሓልሓለ ቁጽሪ 1' ዝተሰምየ ዘርኢ፡ ኣብ ሄክታር 60 ኩንታልን ልዕሊኡን ምህርቲ ስለዝሁብ ካብ 8 ዓሌታት ዕፉን እቲ ዝተመረጸ ኮይኑ ከም ዝተረኽበ ብምጥቃስ፡ ናብ ሓረስቶት ንምዝርግሑ መደብ ከም ዘሎ ሓቢራ።

ኣብ ዞባ ደቡብ ክኢላ ልምዓት ብቑሊ ኣቶ ክፍለማርያም ዓንደብርሃን ብወገኑ፡ ብዞባ ደረጃ ኣብ ንኡስ ዞባታት እምኒ-ሓየሊ፡ መንደፈራን ደባርዋን 20 ሓረስቶት ተመሪጾም፡ ኣብ ዝተዳቐለ ዘርኢ ዕፉን ብዘተገበረ ፈተነ፡ 'ሓልሓለ ቁጽሪ 1' ልዑል ተቐባልነት ከም ዝረኸበ ገሊጹ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ ፍረወንጌል ተኽለሃይማኖት ብወገኑ፡ ሓረስቶት - እቶታውነት ንምዕባይ ንዝካየድ ዘሎ ሓያል ጻዕሪ ተገዚዞም፡ ብዘወጽኦም ሞያዊ ምኽሪ ስሩዕ ጉልጠታዊ ሜላታት ከዘውትሩን ምስ ክኢላታት'ቲ ዓውዲ ተሓባቢሮም ክሰርሑን ተላቢዩ።

ኣብ መወዳእታ ሓረስቶት፡ ሕጽረት መስረታዊ ቀረባት ክፍትሓሉም ተላቢዮም።

## ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ኣልማዕቲ ጀራዲን ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ዘትዩ

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ - ገማግም ሩባ ሳዋ ብሓፈሻ ኣብ ምምሕዳር ከባቢ ሆሚብ ድማ ብፍላይ ንዝካየድ ዘሎ ልምዓት ጀራዲን ድሕሪ ምዕዛብ፡ ሓረስቶት ኣብ ምምዕባል መስኖኣዊ ሕርሻ ከጋጥምኦ ኣብ ዝኽእል ቅጥዕታት ዘትዩ።

ኣብ'ቲ ብ6 ጥቅምቲ ዝነበረ ዑደት፡ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ንኡስ ዞባ ፎርቶ-ሳዋ ሰፊሕ መስኖኣዊ ልምዓት ካብ ዝካየደሉ ከባቢታት ብምዃኑ፡ ምስ ኣልማዕቲ ጀራዲን ቀጻሊ ርክብ ብምግባር ዘጋጥሞም ጸገማት ምፍታሽን ብወገኖም ክግለኣሉ ዝግባእ - ምስ መዓላ መሬትን ኣፍራይነትን ኣብ ዝተሓላለፉ ጉዳያት ምዝታይን፡ ኣብ ልምዓት ጀራዲን ክበጽሕ ዝደለ ሸቶ ኣብ ምውቃዕ ልዑል ኣስተዋጽኦ ከም ዘለዎ ገሊጹ።

ኣሕምልቲ ጥራይ ምዝውታር፣ ተመሳሳሊ ፍርያት ኣብ ውሱን ወቕቲ ምፍራይ፣ ልዑል ብኽነት ማይ፣ ፍርያትካ ብልክዕ ዘይምሕባር፣ ብርሰት ኣግራብን ብኢደወነንካ ሕርሻ ምስፋሕን ብኣልማዕቲ ዝረኣዩ ዘውቱራት ጉድለታት ምዃኖም ዝጠቐሰ ኣምባሳደር ማሕሙድ፡ ክኢ ንምእራም - ምምሕዳር ዞባ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ተወሃሂዱ ዳህሳሳዊ መጽናዕቲ ብምክያድ ስጉምቲ ይወስድ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ቁጠባ ኣገባብ ተኸቲሎም ፍርያቶም ኣብ ዝዕበዩሉ ሜላ ክድህቡ ኣተሓሳሰበ።

ኣልማዕቲ ጀራዲን ብወገኖም፡ ሳላ'ቲ ምስ ሰብሞያ ሕርሻን ምምሕዳርን ተወሃሂዶም ዝካየድዎ ዘለዉ ጻዕሪ፡ ሸገርቲ፡ በርበረን ጣፍን ብብዝሒ ብምፍራይ ኣብ ዕዳጋታት ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብሩ ከም ዘለዉ፣ እንተኾነ ግን ዋሕዲ መሰረታዊ ቀረባትን ምምዝባል ዋጋታትን ንኣፍራይነቶም ብኣሉታ ይጸልዎ ከም ዘሎ ሓቢሮም።

ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ኣብ መወዳእታ፡ ኣልማዕቲ ጀራዲን ተጠቃምነት ባህርያዊ ድኹዒ ክደፍኡሉ ብምትሕስሳብ፡ ምምሕዳር ዞባ ንምትብባዖም እትሰርሕ ኮሚተ ብምቛም፡ ጸገማቶም ንምቅላል ስጉምቲ ክወስድ ምዃኑ ኣረጋጊጹ።

## ማእከል - ንወለዲን ኣለይትን ምዕባለኣዊ ስንኩላን ስልጠና ተዋሂቡ




ስእሊ. ዙቤር ስዒድ

ጨንፈር ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩልና ዞባ ማእከል፡ ምስ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ተወሃሂዱ፡ ካብ 16 ንኡስ ዞባታት ንዝተዋጽኡ ወለድን ኣለይትን ምስ'ዚ ስንኩልና ዝሳበሩ ህጻናት፡ ስልጠና ወሃበ።

እዚ ካብ 16 መስከረም ክሳብ 11 ጥቅምቲ ኣብ ንኡስ ዞባታት በሪኽ፡ ጋላ-ነፍሒን ሰረጀቃን ዝተዋህበ ስልጠና፡ ወለድን ኣለይትን ንውሉዶም ብስሩዕ-ፍልጠታዊ ኣገባብ ንክኣልዩ ዝሕግዝ ምዃኑ፡ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር ኣቶ ያሲን ኣሕመድ ሓቢሩ።

እቲ ስልጠና፡ ሓፈሻዊ መምርሒታት ክእለት ኣመጋግባ፡ ምንቅስቓስ፡ ኣለባብሳ፡ ጽሬትን ኣጠቓቕማ ዓይኒ-ምድሪን፡ ጸወታን ድሕነትን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ምክልኻል ተመሓላለፍቲ ሕማማት ዘተኮረ'ዩ ነይሩ።

ኣብ ጨንፈር ሚኒስትሪ ጥዕና ሓላፊ ኣሃዱ ሓበሬታን ኣሰኣሰን ኣቶ ሃብተ ጉብረመስቀል ብወገኑ፡ ወለዲ ምብህዛል ማእከል ብምግባር፡ ንስንኩላን ደቆም ግቡእ ናብዮት ክገብሩሎምን ኣብ ዕድል ንዘይረኸቡ ወለዲ ፍልጠቶም ከካፍሉን ተላቢዩ።

ኣብ መዛዘሚ ስልጠንኡ፡ ብዘቕሰምዎ ስልጠና እናተመርሑ ንደቆም ክኣልዩን ንካልኦት ወለዲ ከካፍሉን ዝሕግዝዎም መወከሲ መጽሓፍቲ ተዓዲሎም።

# ኵርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ንህይወት ሰብ ጸለውቲ ስነ-ፍልጠታውያን ረቛሒታት (I)

ወዲ-ሰብ ካብ ኵሉ ህይወታዊ ናይዛ ዓለም ፍልይ ዝበለ ፍጥረት ምዃኑ እንተ ሓሲብካዮ ኣዝዩ እዩ ዘደንቕ። ካብቶም ኵሎም እንፈልጦም እንስሳታት ክንዲ'ዚ በሊሑ ክፍለ ምዃኑ ክንግንዘቦ ምስ ጀመርና ዘየደንቕ ኣይኮነን። ንሚልዮናት ዓመታት መልክዕና እናቐይርና ምጽናሕና ጥራይ ዘይኮነ፡ ክሳብ 7 ቢልዮን ዝብዝሑና ኣብዛ ፕላኔት ክንህሉ ምኽኣልና'ውን ተወሳኺ'ዩ። እሞ ኸኣ መከላኸልን ጸምርን ዘይብልና ናብ ባእታታት ዝተቓላዕና፡ ብዘይ ስሩዕ መግብን ማይን ክንጸንሕ ዘይንኽእል፡ ብታህዋስያን ኣዚና ተነቀፍቲ፡ ንእሽተይ ኣካላዊ ጥንካረ ዘይብልና ክነስና ክንነግስ ምኽኣልና ዘደንቕ'ዩ።

መሬት ወጊሑ ካብ ዓራትና ክንትንስእ እንከለና ብዛዕባ ኵነታት ኣየርን ካልእን ኣይንጭነቕን ኢና። ከም እንነብር ንጠራጠረሉ ምኽንያት ኣብ ዘይብልና ርእሰ-ምትእምማን በጺሕና ንርከብ። እዚ ውጽኢት'ዚ ናይ ኣሽሓት ዘመናት ጉዕዞ ወዲ-ሰብ እዩ። ነዚ ኹሉ ክንበጽሕ ዘኽኣለና ኸኣ ኣዝዩ ምዕቡል ሓንጎል ስለ ዘለና እዩ። ሰብ ሓንጎል ስለ ዘለዎ ኣይኮነን ኣብዛ ምድሪ ነጊሱ ዘሎ። እቲ መንቋሕቋሒታ ሓንጎሉ፡ ብግብሪ ናይ ምፍታን ኣኽኣሎ ኣለዎ። ንሓስብ፡ ንሓልም፡ ንምነ፡ ከንስምሮ ኸኣ ንጽዕር። ኣብዚ መስርሕ ዝገጥመና ብድሆታት ከኣ መፍትሒኡ ፍሒርና ንረኽቦ። በብግዜኡም ንዓለም ዝቐየረ ዝተፈላለየ ምህዞታትን ርኽበታትን ኣሎ። እዚ ዝስዕብ ውሑዳት ካብቲ ብዘይ ብእኡ ብህይወት ክንበር ዘየኽእለናና ርኽበታት እዩ፤

### ዕንክሊል ወይ ሞንኩርኩር

"ደጊም ዕንክሊል ምፍጣር ኣየድልን'ዩ፡" ዝብል መግለጺ ኣቐዲምና ሰሚዕና ንኸውን ኢና። እቲ ብዓንኬላዊ ቅርጺ ዘለዎ ነገር ዝዕመም ዝተፈላለየ ስርሓት ብድሆ ኰይኑ ንነዊሕ እዋን ጸኒሑ። እዚ ሽግር ደጊም ተፈቲሑ'ዩ ንምባል ከኣ ገለ ፈላጣት፡ "ደጊም ዕንክሊል ምምሃዝ ኣየድል'ዩ፡" በሉ። ምህዞ ዕንክሊል ብብዙሕ መገድታት ንህይወት ደቂ-ሰብ ለዊጡ እዩ። ወዲ-ሰብ ብዘይ እዚ ምህዞ ንኽንደይ እዋን ክነብር ምኽኣለ ነይሩ? እቲ ብዓንኬላዊ ምንቅስቓስ ዝካየድ ንጥፈታት ሰብ መወዳእታ የብሉን። ኣብ ገዛና ካብ ዝርከብ ዝተፈላለየ መሳርሒታት ክንምልከት ንኽእል ኢና።

ተመራመርቲ ስነ-ጥንቲ እታ ናይ መጀመርታ ዕንክሊል መዓስ ከም ዝተማህዘት ይካትዑላ እዮም። እቲ ዝገደመ ጭብጢ ግን ኣብ ሞሶፖታምያ (ናይ ሎሚ ኢራቕ) ዝተረኽበ ቅርሲ'ዩ። እዚ ቅርሲ ንመስርሒ ካይላ ዘገልግል ዝነበረ ዕንክሊል እዩ። እቶም ብስልጣነ ሰጒሞም ዝነበሩ ሞሶፖታምያውያን ዕንክሊል ንመጓዓዝ ከም ዘጠቅም ንኽርድኡ 300 ዓመታት'የ ወሲዱሎም። ቅድሚ 300 ዓመት ኣብ ምስራሕ ካይላ ዝጥቀምሉ ዝነበሩ ኣምር ዕንክሊል ንምንቅስቓስ ክጥቀምሉ በቒዖም። ኣብ ከባቢ 2000 ቅድሚ ሓባራዊ መዋእል (ቅ.ል.ክ.) ጥንታውያን ግብጻውያን ብዕንክሊል ዝጓዓዛ ሰረገላ ከም ዝሰርሑ መዛግብቲ ስነ-ጥንቲ ይገልጹ።

ዕንክሊል ኣገዳሲ መካኒካዊ ምህዞ ናይ ኵሉ ግዜ'ዩ። ኣብዚ ዘለናዮ ግዜ ነዚ ኣምር ዕንክሊል ዝጥቀም መካኒካዊ መሳርሒታት ብዙሕ እዩ። ከም ብሽክለታ፡ መኪና፡ ናይ ፋብሪካ ማሽናት፡ ባምቡላ፡ ሰዓት፡ ሲዲ ፕለየር፡ መጥሓኒ መሳርሒታት፡ ወዘተ. ከም ኣብነት ክጥቀሱ ይኽእሉ። ነዚ ምህዞ ኣብዚ 5000 ዓመታት ዕድመ ወዲ-ሰብ ዝነበርናን ዘለናን ገና ነመስግኖ ኣለና።


### ብልሒ ወይ ላማ

ጥንታውያን ደቂ-ሰብ ንበላሕቲ ነገራት ብዝተፈላለየ ቅርጽን መልክዕን እናሰርሑ ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ክጥቀምሉ ክኢሎም እዮም። በላሕቲ ፍላጻታት፡ ከም ፋስ፡ ካራን ጭማራን ዝኣመሰሉ፡ ብምድላው ህይወቶም ከድሕኑ ክኢሎም። ከምቲ ኣብ መእተዊ ዝተጠቕሰ፡ ደቂ-ሰብ ተነቀፍትን ግዙፍ ሓይሊ ዘለና እንስሳታት ኣይኮናን። ስለዝኾነ ከም ዝኾነ ንእሽተይ እንስሳ ተጠቃዕቲ ክንከውን ንቡር ነይሩ። ኣእምሮና ክንጥቀመሉን ክንምህዘሉን ምኽኣልና ቀጻልናትና ኣውሒስና ኢና። ካብቲ ብኣእምሮ ደቂ-ሰብ ንድሕነት ዝተዳለወ መሳርሒ ፍላጻታት ነይሩ። ድሒሩ ብዝወጽአ መጽናዕትታት፡ ጽንጽሕለ ወይ በላሕቲ ኣእማን ነቶም ቀዳሞት ተጠቀምቱ ጽቡቕ ከም ዘየብልያም፡ ዝከላኸለሎም ክዳን ከም ዘይፈጠረሎም፡ ጽቡቕ መከላኸሊ ከም ዘይኰኖም እዩ ዝገልጽ። 1.7 ሚልዮን ዓመታት ጸኒሖም ዝመጽኡ ወለዶ ደቂ-ሰብ ግን ንውሕልነት ኣእዳዎም፡ ብልሒ ኣእምሮኦምን ፈተነኦምን ተጠቒሞም ኣብ ረብሓኦም ከም ዘውዓልዎ የረድእ።

እንተኾነ ደቂ-ሰብ ስጋ ንምሕራድ ካብ ጥንቲ ከም ዝጀመሩ ዝገልጽ መረዳእታ'ውን ኣሎ። ኣብ ሃገርናን ኣብ ከባቢናን ኣብዚ ቀረባ ዓመታት ብዝተኻየደ ኵዕታ፡ ቅድሚ 3.4 ሚልዮን ዓመታት ነዚ መሳርሒ ይጥቀሙ ምንባሮም ዘረጋግጽ፡ ንኽኢላታት ስነ-ጥንቲ ሓድሽ ኣፍደገ ዝኸፈተ ቅርሲ ተረኺቡ'ዩ። ኣብ ግዜና በላሕቲ ነገራት እንተ ዘይህልዉ ከመይ ምነበርና ኢልኩም ትሓስቡ?

(ምንጪ፡ Viegas + Reardon)

መም. ስተላ መሓረና



## ኣደናቒ ምህዞ ጥንታዊ ስልጣነ ህዝቢ ግብጺ

ጥንታዊ ስልጣነ ህዝቢ ገለ ከባቢታት እናኽትምልከት ብዙሕ ነገራት ከተስተብህል ይከኣል። ኣብ ገለኡ እዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ዘሎ ወለዶ ወዲ-ሰብ ፍጹም ክጽበዮ ዘይክእል ይኸውን'ሞ ክስሕቀሉ ወይ ክላገጸሉ ይኽእል። ኣብ ገለኡ ድማ ፍጹም ሎሚ እንተ ኾነ "ከመይ ገይሮም ሓሰቡዎ?" ዝብል ድንቂ ነገር ክኸውን ይኽእል። ወዲ-ሰብ ካብ ጥንቲ ጥቅምቲ ኣትሒዙ ካብ ከባቢኡን ናብራኡን እናተማህረ፡ እናተበለሓተ፡ እናመሃዘን እናሰንዐን እዩ ዝመጽአ። ገና ድማ ካብ ትማሊ፡ ሎሚ ዝሓሸ ተመሃራይ፡ ተመራማራይ፡ ተበለሓታይ፡ መሃዛይን ሰንዓይን እናኾነ ይቕጽል ኣሎ፣ ገና ድማ ክቕጽል እዩ። እቲ ወትሩ ኣብ ክፍልና እናመሃሮ ፍልጠት'ውን ምስ ግዜ ሓድሽ ነገር እናተረኽቦ እናገፈሐን እናዓሞቑን ከም ዝኸይድ ዘማትእ ኣይኮነን። መጀመርታ ኣቶም ክርከብ እንከሎ ክምቀል ዝከኣል ይመስሎም ኣይነበረን። ግና ኣቶም ብሓደ ኣካል ዝመልአ ጥምቢ ዘይኮነ፡ ሕመረትን ኣብ ዙርያኡ ዝቖሙም ዓንኬላትን ከም ዘሎዎ ተፈሊጡ። ክሳዕ 2000 ዓ.ም. ከኣ ኣብ ቤት ትምህርትታትና ኣቶም ክምቀል ከም ዘይክእል ይግለጽ ነይሩ። ኰይኑ ግን ኣቶም ክምቀል ከም ዝከኣል ክፍለጥ ተኻኢሉ ኣሎ። እዚ ምምቕቓል ኣቶም፡ ሓድሽ ፍልጠት ኰይኑ ጥራይ ዝሓልፍ ኣይኮነን። ኣብ ሰደቓ ባእታታት ከም እንምልከቶ፡ ክሳዕ 2016 ዓ.ም. 118 ባእታታት ተረኺቦም ከም ዘለው ንምሃር ነይርና። ኣቶም ብምምቃል ዝርከብ ጸዓት ንዓለም ካብ ዘናቕጓ ውሑድ ኣይገበረን። ግና ካብዚ መስርሕ ሓደስቲ ባእታታት ክፍጠሩ ከም ዝኽእሉ ሳይንሰኛታት ፈሊጦሞ ይርከቡ። እታ ንፈልጣ ሰደቓ ባእታታት ገና ትምልኦ ክህሉዋ እዩ። ከምዚ ዝበለ ተመሳሳሊ ኣብነታት ብዙሕ ክርከብ ይከኣል እዩ። መሰረቱ ኸኣ ጥንታዊ ስልጣነ ደቂ-ሰብ እዩ።

ኣብ ዓለም ካብቶም ቀዳሞት ብርሃን ስልጣነ ዘረኣዩ ህዝቢ ግብጺ እዮም። ጥንታዊት ግብጺ ስልጡን ሕብረተሰብ ትውንን ዝነበረት ሃገር እያ። ናይዚ ጉሉሕ ምስክር ስልጣነ ጥንታዊ ግብጺ እቲ 147 ሜትሮ ዝቖመቱ ሃረማት - ፒራሚድ - እዩ። እዚ ምስክር'ዚ እቲ ዝበለጸ ካብ ዝኾነ ሕብረተሰብ ዘይተቐደሐ፡ ናቶም ናይ ደቀ-ባት ግብጺ ስራሕ እዩ።

ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ጥንታውያን ግብጻውያን ዓለም ርእያቶ ዘይትፈልጥ ዝማዕበለ ስልጣነ ነበሮም። ኣብ ከም ስነ-ቍጽሪ፡ ስነ-ከዋኽብቲ፡ ሕርሻ፡ ፍልስፍናን ካልእን ብዙሕ ሰጒሞም ነበሩ። እዘን ዝስዕባ ኣደነቕቲ ምህዞታት ቀዳሞት ግብጻውያን ብምርኣይ ክንርድኦ ይከኣል፤

- ምህዞ ኵሕሊ
- ምህዞ ጽሑፍ
- ምህዞ ወረቐት
- ምህዞ ዓውደ-ኣውርሕ
- ምህዞማሕረሻ
- ምህዞ ሜንታ
- ምህዞ ምንክሩራው ኵዕሶ (ቦውሊንግ)
- ምህዞ መልጸይ
- ምህዞ ሊኮቶ
- ምህዞ ሳሙና ስኒ።

ትዕግስቲ በረኸትኣብ

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቊ.ስ.163471-07588045

ምልክታ
ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

### ጥቕሲ እዚ ሰሙን

"ህጻናት ኵሉ ሳዕ ሕጉሳት እዮም። ምኽንያቱ፡ ኣብ ኣእምሮኦም፡ 'ኵሉ ነገር ናብ ጸገም ከምርሕ ይኽእል'ዩ' ዝብል ፋይል የብሎምን።"

- Marianne Williamson

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ



ዓንደም ግርማይ (ወዲ-ደረሰ)

ካልኣይ ክፋል

# ተጽዕኖታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕራዊ ኣከባቢ

## መጠን ምውሳኽ ብራኽ ባሕሪ

ምልኣት ገምገም ማያዊ ኣካል ዝጠንቁ መንበሪ ኣባይቶም ለቒቖም ዝሃሰ ናብ ዝበልጸ ሓድሽ ሰፍራ ክሰግሙ ይግደዱ

ኣብ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ፡ "ተጽዕኖታት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ባሕራዊ ኣከባቢ" ብዝብል ኣርእስቲ፡ ናፕሹም እንብሎ ዘለና ጽሑፍ፡ "ምውሳኽ መጠን ምጽት (Acidification) ማይ ባሕሪ" ብዝብል ንኡስ ኣርእስቲ፡ ካብ መጠነ ግዙፍን ንኣሽቱን ኢንዱስትርያዊ ንጥፈታትን መጓልታዊ ምንቅስቓሳት ተሽከርከርቲን ዝወጽእ መርዛም ጋዝ ካርቦን ዳይ-ኦክሳይድ ፡ ኣብ ብኮላ ኣየር፡ ምውሳኽ ምጽት (ኣሲዳውነት) ባሕራታትን ወቅያኖሳትን...ወዘተ ዘድህሎ ትሕዝቶ ኣኣንጊድና ነይርና። ሎሚ ኸኣ፡ ብዛዕባ መጠን ምውሳኽ ብራኽ ባሕሪ ዘብርህ ትሕዝቶ ነቕርበልኩም።

እዚ ክስተት'ዚ፡ ዓለማዊ ዋዒ ዝጠንቁ እናዛደደ ዝኸይድ ዘሎ መጠን ብራኽ ማይ ባሕርን ወቅያኖሳትን ዝበልጽ እዩ። ኣብ ዝሓለፈ ቀዳማይ ክፋል ናይ'ዚ ጽሑፍ ከም እተጠቕሰ፡ ቀንዲ ጠንቂ ዓለማዊ ዋዒ ምቅጻል ኑዳዲ ቅሪታት (fossil fuels) ብሰሩ ናብ ጠፈር ዝልቀቕ ካርቦን ዳይ-ኦክሳይድን ካልኦት ምቅት ዘሓቕፉ በኽልቲ ጋዛትን ምዃኖም ተገሊጹ። ወቅያኖሳት ብጊደኦም ንመጠን'ዚ ዝተጠቕሰ ምቅት ብምምጃዩ፡ መጠን ምቅት ማጽም ይወሰኽ'ሞ፡ ንምዝርጋሕ ድማ ዝያዳ ቦታ ይጠልቡ።

መጠን ብራኽ ትሕዝቶ ማይ ባሕርታትን ወቅያኖሳትን ግን ብኸምዚ ዝተጠቕሰ ጥራይ ኣይኮነን ዝጸሎ። መጠን ምውሳኽ ዓለማዊ ዋዒ ዝጠንቁ ናህሪ ምምካኽ ኣብ መሬትን ኣብ ሰሜናውን ደበባውን ዋልታታት ዓለም ዝርከቡ ከምሪታትን ኣኻውሕን በረድን እውን ኣዘይድዎ ይርከቡ። ወጽኢት ናይ'ዚ ከኣ፡ ንመጠን ብራኽ ትሕዝቶ ማይ ባሕርታትን ወቅያኖሳትን ዓለምና ኣዘይድዎ ይርከቡ። እዚ ዝፈጠሮ ልዑል መጠን ማዕበላትን ንፋሳትን ባሕሪ፡ ዕልቕልቕ (ጥፍኣት) ውሒዝን ምብልዕን መሬት ገምገም ባሕርን...ወዘተ. ብሳዕቤናት ምልኣት ገምገም ማያዊ ኣካል ዝስዕቡ ተርእዮታት እዮም። ወትሩ በዚ ጽገም ዝጥቃዕ ከኣ እተን ኣብ ገምገም ባሕሪ



ብምውሳኽ ብራኽ ባሕሪ ከምእትጥቃዕ ዝንገረላ ኒው-ዮርክ

ወይ ወቅያኖስ ዝተደኮና ዓበይቲ ከተማታት ኩዩን፡ ብዛዕባኣን ዝጋዋሕ ዜና ወግሒጸብሐ ካብ ዝሽውን ብውሕዱ ክልተ ዕቑዳት ኣቑጺሩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ኣብ ቀረባ ዕምቆት ገምገም ማይ ባሕሪ ዝነብሩ ኣዝዮም ተኣፈፍቲ ኣትክልትን እንስሳታትን ባሕሪውን ግዳይ ናይ ምዃንን ከም ተኣፈፍቲ ቦታታት ዝነብሩ ሰፋሮ፡ ንድሕነቶም ክበሉ ውሒስ ናብ ዝበልጸ ቦታታት ክሰግሙ ንብር ተርእዮ ዝኸውሉ መደረኽ ተበጺሑ ኣሎ።

ቶንጋን ሳሞኣን ኣብ ሰለማዊ ወቅያኖስ ዝርከብ ደሴታት ሃገራት፡ ከምኡ'ውን ኒው-ዮርክ ዝኣመሰላ ዓበይቲ ከተማታት ዓለምና፡ ቀጠባ ንጥፈታት ዘቕለሰለስን ዝመሓደረለን ዓበይቲ ከተማታት ዓለምና፡ መጠን ምውሳኽ ብራኽ ማይ ወቅያኖስ ዘጸላልወን ኣብ ኣዝዩ ሓደገኛ ኩነታት ዝተቓልዓ እየን። ብተወሳኺ፡ ጥምኣደሽ፡ ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ህንዲ፡ ኔዘርላንድ (ሆላንድ)፡ ፓኪስታን ብዙሕ ካልኦት ዝርከባ ከተማታት ጣእቱ፡ ጦስ ኣየረሱ ለንደን፡ ሞምባይን ሻንጋይን ኣብ መጻኢ ብዝፍጠሩ ዕልቕልቕ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ክወድቃ ዘሎ ተኽእሎ ብኢጋኡ ተገሚቱ ኣሎ።

እዚ ሰግኣት'ዚ፡ ብሰፊሑ ንኻልኦት ንኣብ ገምገም ባሕሪ ዝርከባ ከተማታትን ዓድታትን'ውን ስለዝትንክፍ፡ ኣብ ልዕሊ ብዙሕ ኣባይትን ኢንዱስትሪታትን ከቢድ ዕንወት ክስዕብ ከምዝኽእል ይግመት። ድሮ'ውን ነርቲ ኣብ ማእከል ሰለማዊ ወቅያኖስ ዝርከብ ፊጂ፡ ባናቱን ሰሎሞን ዝበሃላ ሱብ ዝነብረለን ንኣሽቱ ደሴታት፡ ኣለው። ሓፈሻዊ ትንቢት ክኢላታት'ዚ ዓውዲ ከምዝሕብሮ፡ ኣብ ገምገም ባሕርን ከባቢኡን ሓደ ዕስራት (ኣስታት ሓደ ቢልዮን) ካብ ህዝቢ ዓለም፡ ኣብ ከቢድ ሓደጋ ክወድቁ ልዑል ተኽእሎ ኣሎ። ድሮ'ውን ጽልዋታት ክሊማዊ ለውጢ ዝጠንቁ ኣብ ገለ ከባቢታት ዓለም፡ ኣብ ልዕሊ ኣብ ጼጋታት ባሕሪ ዝተመርኩሰ ህይወት ዝመርሑ ጌፍቲ ዓሳ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ቅልውላው ዝወደቐ ምህላዎም ይሕበር። ብዘይካ'ዚ፡ ትሕቲ ባይታ ዝርከብ (ላሕኹ) ማይ ባሕሪ ዝጠንቁ ኣብ ልዕሊ ዝሕረስ ልሙዕ መሬት ሕርሻን ጽሩይ ዝስተ ማይን ጨዋምነት ብምውሳኽ፡ ኣብ ንጥፈታት ነርቲ ከቢድ ማሕበረ-ቁጠባዊ ተጽዕኖ ፈጢሩ ምህላዉ ይግለጽ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ ኣብ ትሕተ-ቅርጺ ጽላት ቱሪዝምን መጉዓዝያን'ውን ኣሉታዊ ጽልዋ ፈጢሩ ይርከብ።



ብኣሉታ ዝጽሎ ዘሎ ኣግራብ ሾራ

# ሳዕቤናት ዕልቕልቕ

ዕልቕልቕ ኣብ ኣከባቢ ዝኺፍ ዕንወት ካብ ዘውርዱ ባህርያውያን ክስተታት ሓደ እዩ። ዕልቕልቕ ካብ ዘውርዶ ዕንወት ሓደ ማይ ወለድ ሕማማት እዩ። እዚ ከኣ ኣብ ጥዕና ደቂ-ሰብ ዘውርዶ ሃሰያ ንምምማቱ ኣየጸግምን። ዕልቕልቕ ማይ፡ ኣብ ቱሪዝምዊ ስሕበት ብሓፈሻ፡ ኣብ ጽላት ቱሪዝም ሓያል ቀጠባ ዝሓጸ ደሴታት ሃገራት ድማ ብፍላይ ዝኺፍ ቀጠባዊ ሃሰያ ከውርድ ይኽእል። ብሰንኩ ድማ፡ ድሮ ቀጠባ ገለ ደሴታውያን ሃገራት ክዘሕተልን ቅልውላው ክኣትዋን ጀሚሩ ኣሎ። ብዘይካ'ዚ፡ ምጽናት ኣገደስቲ ጫካታት ሾራ ስለዘኸትል፡ ብኡኣም ክምጸ ዝጥቡእ ቡሊ ጋዝ ካርቦን ዳይ-ኦክሳይድን ይጉድል። ምስዚ ተተሓሒዙ፡ ልዕሊ ሓደ ሚልዮን ካብ ህዝቢ ዓለም፡ ንዝተፈላለየ ጸገማትን ሽግራትን ተቓሊዑ ኣሎ።

ብተወሳኺ፡ ዓበይቲ ፍጥረታት ባሕሪ ከም ጉብየ ባሕሪ፡ ገለ ዓሌታት ኣዕዋፍ ባሕሪ፡ ፎካ (ሰል) ዝበሃሉ ኣብ ገምገም ሰሜናዊ ዋልታ ዝርከቡ እንስሳታት፡ ገለ ክፋል ህይወቶም ኣብ ሑጻን ሓመድን ገምገም ባሕሪ ዝምርኩሱ ፍጡራት፡ ኣደዳ ሞትን ምጽናትን ይኾኑ ኣለው። ንኣብነት ኣንስተይቲ ጉብየ ባሕሪ እንቋቑሖኦ ኣብ እትወልደሉ እዋን ግድን ናብ ገምገም ብምውጻእ ኣብ ሑጻ ክትቀብሮ ኣለዋ። ኣብ ከምዚ ኩነታት ምልኣት ምውሳኽ ብራኽ ማይ ገምገም ባሕሪ ኪጋጥም ከሎ፡ ኣብ ልዕሊ ዝተቐበሩ እንቋቑሖ ናይ ምእጋል ተርእዮ ይስዕብ።

ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ከምዝመልክትዎ፡ ካብ ዓመተ 1880 ጀሚሩ፡ መጠን ጸፍሒ ማይ ገምጋም ባሕርታት ዓለምና ካብ 21 ክሳብ 24 ሰንቲ-ሜተር ብራኽ ኣርእዩ። ካብ ሳተላይት ዝርከብ ኣሳእል ዘረጋግጾ (ካብ 1993 ክሳብ 2002 ዓ.ም) ኣብ ውሽጢ 10 ዓመት ልዕሊ ዕጽፊ ምብራኽ ማይ ገምገም ተመዝጊቡ። ኣብ 2022 ጥራይ ክብረ-ወሰን ዝሰበረ ምውሳኽ መጠን ብራኽ ማይ ባሕሪ፡ ኣብ 1993 ዝነበረ መጠን ብራኽ ብ101.2 ሚሊ-ሜተር (ልዕሊ 10 ሰንቲ-ሜተር) ወሰኽ ተመዝጊቡ። እዚ ክስተት'ዚ፡ ነተን ካብ ከርሲ መሬት፡ ነዳድን ማይን ዝትሕጉላ ሃገራት ዝያዳ ጉሊሑ ይርኣ።

ንሓበሬታ ክኢላታት ምርኩስ ብምግባር፡ ፍጥነት መጠን ብራኽ ማይ ባሕሪ ኣብ ዝሓለፈ ዘመን ዓመታዊ ብጠምጋም ካብ 1.4 ክሳብ 2 ሚሊ-ሜተር ክዛይድ ጸኒሑ። ኩነታት ክሊማዊ ለውጢ ብኸምዚ ዘለዎ ሰናርዮታት እናብኣሰ ምስዝቕጸል ድማ፡ ኣብ 2090 ዓ.ም ገምጋም መጠን ፍጥነት ብራኽ ማይ ባሕሪ ዓመታዊ ብኣስታት 4 ሚሊ-ሜተር ክብ ክብል ትጸበት ይግበር።

እዚ ክስተት ኣብ ከባቢና (ቀይሕ ባሕሪ) ከመይ ከምዘሎ ምርኣይ ኣገዳሲ እዩ። ከመይሲ ገምገም ባሕርን ደሴታትን ኤርትራ'ውን ብቐረባ ክጽሎ ባህርያዊ ስለ ዝኾነ። ስለዚ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝርአ ዘሎ መጠን ወሰኽ ብራኽ ማይ፡ ክሳብ'ዚ ቀረባ እዋን ካብ'ቲ ዓለማዊ መጠን ብራኽ ዝፍለ ኩይኑ ኣይጸንሐን። ምስ ካልኦት ባሕርታት ዓለም ብምውድዳር ከኣ፡ ዓመታዊ ብጠምጋም 3.88 ሚሊ-ሜተር ክውሰኽ ጸኒሑ። እዚ ዝኸውን ከኣ ጸቢብ ቅርጺ ስለዘለዎ እዩ። ንዓመታዊ መጠን ገምጋም ዓለማዊ ምስ እንምልከት ግን፡ 3.3 ክሳብ 0.5 ሚሊ-ሜተር ይበጽሕ። ኣብዚ ቀረባ እዋን ብሓገዝ ሳተላይት ብዝተገበረ ትዕዝብታዊ መጽናዕትታት ከምዝሕብሮ፡ ካብ ዓመተ 2000 ጀሚሩ፡ መጠን ምውሳኽ ብራኽ ማይ ባሕሪ፡ ዓመታዊ 6.40 ሚሊ-ሜተር ወሰኽ ከምዘርኣየ ተፈሊጡ ኣሎ። እዚ ወሰኽ'ዚ፡ ንኸሉ ቦታታት ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ብማዕረ ኣይጽልዎን። ንኣብነት ኤርትራ ተደኲናትሉ ትርከብ ምዕራባዊ ወገኑ ዝያዳ ኣብ ምብራቓዊ ወገን ቀይሕ ባሕሪ ጉሊሑ ይኽሰት ምህላዉ ድማ እቶም መጽናዕቲታት የረድኡ።



ህንዲ - ዕልቕልቕ ንመነባብሮ ሚልዮናት ህዝቢ ይጸሉ

ውዕል ክሊማዊ ለውጢ ፓሪስ 2015 መሰረት ዝነበረ፡ ሃገራት ዓለም ንምውሳኽ መጠን ምቅት ዓለምና ካብ'ቲ ቅድሚ ዘመነ ኢንዱስትርያዊ ምዕባለ ዝነበረ መጠን ጋዝ ሓምላይ ገዛ ብምጉዳል፡ ካብ 1.5 ዲግሪ ሰንቲግሬይድን ብዘይዛይድ ክጎትእ ዝበል እዩ። ይኹን'ምበር፡ ምስ ምዕባለ ኢንዱስትርያዊ ጽላት፡ መጠን ምውሳኽ ብራኽ ማይ ባሕሪ ከምዝዩተርፍ ይግመት። ምልኣት መጠን ማይ ባሕሪ ንምምካት ከኣ እቲ እኹ ኣማራጺ፡ ንዘኸስቱ ማዕበላት ዘህድኡ ህጹጽ መናድቕ መክላኸሊ ማዕበላትን ፍግረ-ገምገም ባሕሪ፡ ንኸሉ ዝጻወሩ ዓበይቲ ርሻናት ከምኡ'ውን ምትካል ኣግራብ ገምገም ባሕሪ (ሾራን ካልኦት ዓሌታት ኣትክልቲን) የድሊ።

ብተወሳኺ፡ ኣቶምሮኣዊ ብልሒ ማሽናትን (ኮምፒተራት) ካብ ሳተላይታት ብዝርከቡ እዋናዊ ኣሳእልን ካርታታትን ብምጥቃም፡ ንተኽእሎን ክስዕብ ንዝኽእልን መጠንን ፍጥነትን ብራኽ ማይ ባሕሪ ምምርማት ይከኣል። ብኡ መንጸር ኣብ ተኣፈፍቲ ገምገም ባሕሪ ዝነብሩ ሰፋሮ ብዛዕባ ምልኣት ማይ ባሕርን ክስዕብ ዝኽእል ሓደጋን ክፈልጡን ንምብዳሁ ድማ ንቕሓት የድልዮም። ብዓንደ ርእሱ ግን ኣንጻር ንኹሉ'ዚ ዝተጠቕሰ ጠንቂ ዝኾነ ክሊማዊ ለውጢ ምቅላስ፡ ምምሕዳርን ምርዓምን ኣማራጺ ዘይብሉ ምርጫ ምዃኑ ክንርድኦ የድሊ።

ይቕጽል...

የውሃንስ ተኽለማርያም

ክፍሊ ኣከባቢ ሚ/መሬት፡ ማይን ኣከባብን

# ቁርሲ ሰንበት

መርሃዊ ገብረሚካኤል

## ካብ ንቡር ኩነት-ኣእምሮ ዘውጽኡ ነገራት

1. **ግዙእ ናይ ወልፍታት ምዃን፦** እዚ ማለት፡ ብጽዑእ ፍቓድካ ብወልፈታትን ግዝያዊ ድሌታትካን ተመሪሕካን ተማእዚንካን ምኻድ እዩ። እዚ'ም ነገራት ከኣ ኣብ መወዳእታ ናብ ክትወጾ ዘይትኽእል ኣንፈት ብምምራሕ፡ ናብ ዘይንቡር ኩነት-ኣእምሮ ዝደፋፍኡ ምኽንያታት ይሕበር።

2. **ብርቱዕ ጸርጊ ኤለክትሮኒካዊ ብርሃን፦** ካብ ሞባይላትን ኮምፕዩተራትን ዝፍኖ ሰመያዊ ሕብሪ ዘለዎ ብርቱዕ ብርሃን፡ ንንጡፍ ምንቅስቓስ ኣእምሮናን ሓሳብናን ካብ ዝዕንቅጹ ነገራት ሓደ እዩ። ብርቱዕ ጸርጊ ብርሃን ኣብ ግዜና ካብ ምድቃስ ኣዘናቢሉ ኣብ ወጽዓታት ረቲና ማለት ናይ ወሸጢ ዓይኒ ክፍሊ-ኣካል ሳዕቤን የኸትል። ብተወሳኺ፡ ናይ ዓይኒ መንሽሮ ኣብ ምቅልጣፍ ተኽእሎኡ ኣዝዩ ልዑል እዩ። ተደጋጋሚ ንብርቱዕ ብርሃን ምቅላዕ ብሓፈሻ፡ ካብ ንቡር ስርዓተ-ንጥፈታትና ከውጽኣና ዝለዓለ ግደ ስለዘለዎ፡ ብእግሩ ክንቆጻጸሮ ይግባእ።

3. **ግቡእ ሰዓታት ድቃስ ዘይምኽታል፦** ድቃስ ኣብ ዕለታዊ ንጥፈታት ህይወትና ኣገዳሲ እዩ። ድቃስ ኑቲ ብዘተፈላለየ ዕዮ ደኺሙ ዝወዓለ ኣእምሮ ዕረፍቲ ዝህብ መግቢ ኣእምሮ ብምዃኑ፡ ከዘውትሮ ይግባእ። ሓደ ሰብ ኣብ መዓልቲ ብውሑዱ ካብ 6 ክሳብ 9 ሰዓታት ክድቅስ ኣለዎ። እዚ ከኣ ብሰንኪ ድቃስ ክስዕብ ንዘኽእል ድኽመት ትኩረት ከቃልል ይኽእል።




4. **ዘየድልየካ ነገራት ምጥቃም፦** ኣብ ጉዕዞ ህይወት ብዙሓት ዘገድሱኻን ዘየገድሱኻን ነገራት ክትዕዘብ ትኽእል ኢኻ። ኣብ ከምዚ ሃዋህው፡ ምስ ዕላማኻን መደብካን ከሰማምዑኻ ካብ ዘይክእሉ፡ ንርድኢትካ'ውን ኣብ ምልክት ሕቶ ከእትዉ ካብ ዝኽእሉ ሃንደበታውያን ክስተታት ካብ ምጥቃም ምቊጣብ ኣገዳሲ እዩ። እዚ'ም ነገራት ምስ ዕላማኻ ዘይከዱ፡ ኣብ መደባትካ'ውን ሕንፍሽፍሽ ከእትዉ ዝኽእሉ እዮም። በዚ መሰረት፡ ጸባሕ ንግሆ ናብ ዘይሓስብኮ ዕንወት ከእትዉኻ ስለ ዝኽእሉ፡ ኣብ ዘድልየካ ግዜን ቦታን ዘገድሰካ ምርጫ ንምውሳድ ተበግሶ ይሃልኻ።

5. **ብዙሕ ምጭናቅን ምሕሳብን፦** ኣብዚ ኩነት'ዚ እንተ በጺሕካ፡ ንነገራት ናይ ምምዛዝን ደረጃኻ ኣብ ምልክት ሕቶ ክወድቕ ይኽእል እዩ። ከም ሳዕቤኑ ከኣ ናብ ዘይደለኻዮን ዘይተጸበኻዮን ናይ ኣእምሮ ጸገም የእትወካ። ከም ምዝኻር፡ ትኩረትን ርእሱተኣማንነትን ዝበዝሉ ነገራት ከኣ ካብኻ ይሃድሙ። ኣብ ተርእዮ'ዚ ንምምካት፡ ብዝተኻእለ መጠን በዝሑ ግዜ ንብይንኻ ወይ ንብሕትኻ ካብ ምሕላፍ ተቖጠብ። እዚኣ'ም ኣእምሮኻ ተቖጻጺርካ'ም ንሓሳብካ ብዚኣም ግዳይ ዝንበሩኻ ነገራት ካብ ኮነ ከተወግዶም ጸዓር።

## ከምዚ'ውን ኣሎ

ዝሓለፈ ወርሒ፡ ፖሊስ ጃፓን ንሓንቲ ጓል 51 ዓመት ሰበይቲ ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእትዩ። ብመሰረት እቲ ሓበሬታ፡ እታ ኒርክ ሃታጋሚ ዝስማ ነበርት ምብራቕ ቶክዮ፡ ናብ መደበር ፖሊስ'ቲ ከበቢ ንልዕሊ 2700 ግዜ ብምድዋላ እያ ተቐዪዳ።

እቲ ኣዝዩ ዝገርም ግን፡ እታ ክስስቲ ሰለምንታይ ከምኡ ከም ዝገበረት ተሓቲታ ኣብ ዝሃበቶ ሓበሬታ፡ "ጸምዋ" ክትብል ምምላሳ እዩ። እዚ ከኣ ንብዙሓት ወገናት ኣገሪሙ ኣሎ። ሰበሰልጣን ፖሊስ ምብራቕ ቶክዮ፡ ኒርክ ናብ ኣገልግሎት ክፍሊ ህጹጽ ጻውዒት ደጋጊማ ዝደወለቶም መጠን ጻውዒታት ኣብ ርእሲ ብዙሓም ከሎም ናይ ሓሶት ብምዃኖም፡ ንማእሰርቲ ከም ዝተፈርደት ንኡዳታ ብምውካስ ኣመልኪቶም። እቶም ፖሊስ ወሲኾም፡ ካብ ኑሓሰ 2020 ክሳብ ግንቦት 2023፡ ብውሑዱ ንኽልተ ዓመትን ትሸዓተ ኣዋርሕን ካብ ሞባይላን ብኻልእ መገድታትን ጻውዒታት ከም ዝገበረት ብምሕሳስ፡ ንቑጽጽሮት ክውጽኦ ዝጎዱእ ደወላት ህጹጽ ጻውዒት ብምትዕንቃፋ'ውን ተወሳኺ ክሲ ክምስረተላ ከም ዝኽእል ኣሚቶም ኣለዉ።

ንሳ ኑቲ ህጹጽ ናይ ደወል ጻውዒት ኣብ ዝዛኣን ካብ ግዙእ ወጻኢ ማለት - ኣብ ጎረቤታን ብምኻን ትፍጽሞ ምንባራ እያ ተረዲኡ። ከምዚ ክትገብር ዝደረኻ ቀንዲ ምኽንያት ድማ፡ ኣዝዩ ስለ ዝጸመዋን ኣቓልቦ ናይ ገለ ኣባላት'ቲ ክፍሊ ክትረኽብ ድሌት ስለ ዝነበራን ምዃኑ ሓቢራ።

ኒርክ ኣብ'ቲ ብናይ ሓሶት ህጹጽ ጻውዒት ተኸሲሳ ናብ ፍርዲ ዝቐረበትሉ እዋን፡ ዝለዋ ቃንዛ ከቢዱ፡ ንእትወስዶ ልዕሊ ዓቕን መድሃኒት፡ ሕበጥ እግርን ካልእ ምልክታትን ከም መፋኸሲ ነጥብታት ምቕራባ እቲ ካልእ ኣገራሚ ዛዕባ ናይታ ጃፓናዊት ኮይኑ ኣሎ።

ሓላፊ ናይቲ ኣገልግሎት ህጹጽ ጻውዒት ኑቲ ኩነታት ንምርዳእ ናብ ቤት ኒርክ ምስ ኣብጽሑ ምስ መጹ እታ ሰበይቲ በቲ ዘይትጸበታዊ ተርእዮ ክትሰንብድ እንክሎ፡ ብሰንኪ ጻውዒታ ከምዝመጽኡ ምስ ፈለጠት'ውን ክትክሕድ እያ ፈቲና። እንተኾነ፡ ድሕሪ ዝተገበረላ መርመራ፡ በቲ ዝገበረቶ ተደጋጋሚ ናይ ሓሶት ጻውዒት ደወል ብኡ ንብኡ ስለዝተኣመነት፡ ተቐዪዳ ናብ ማሕበስ ከምእተወሰደት እቲ ምንጪ የመልክት። ኣብ ጃፓን፡ ዳርጋ 1.5 ሚልዮን ሰባት ብሕዱር ጸምዋ ዝሳቐዩ ክህልዉ ከምዝኽእሉ ዝተፈላለዩ መጽናዕትታት ኣመልኪቶም ክብል'ውን እቲ ምንጪ ወሲኹ ይጠቅስ። ብፍላይ ምስ ምኽንያት ኮሮና ቫይረስ፡ ብዙሓ ብጸምዋ ዝሳቐዩ ጃፓናውያን ኣመና ወሲኹ ምህላዉ ይሕበር። እቲ ምንጪ ኣብ መወዳእታ፡ ብሕታውነት ብዘጠንቅቑ ብዙሓት ዜጋታት ጃፓን ኣብ ከቢድ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢን ነውጽን ክወድቁ ከምዝኽእሉ ጸብጺቡ።




## ምስ ዓሻ ምምጓት . . .


ኣድጊን ነብሪን ኣብቲ ሰፊሕ በረኻኦም ወጻዕ ይብሉ ነበሩ። ኣብ መንጎ ዕላሎም ወዮ ኣድጊ ንነብሪ "ሳዕሪ ሰመያዊ ሕብሪ ከም ዘለዎ ትፈልጥዶ?" ክብል ሓተቶ። ነብሪ ሕቶ ኣድጊ ኣዝዩ ገረሞ። ድሕሪዚ፡ "ኣይፋልን! ሳዕሪ ቀጠልያ ሕብሪ እዩ ዘለዎ" ክብል ብየጉዲኡ መለሰ። እቲ ብቐለል ዝጀመረ ንሕብሪ ሳዕሪ ማእከል ዝገበረ - ኣብ መንጎ ነብሪን ኣድጊን ዝተላዓለ ክትዕ እናረሰነ ከደ። ክልቲኦም ድማ ጉዳይ ክትዓም ናብ ካልኦት እንስሳታት ከቕርብዎ ወሰኑ። ብናይ ሓበራዊ ስምምዕ መሰረት ድማ፡ ናብ ኣምባሶ ብምኻድ ክናዩ ተሰማምዑ። በዚ ከኣ ንኣንበሶ ክረኽብዎ ናብ ማእከል'ቲ ዕመር ጫካ ተበገሱ። ብዙሕ ከይረሓቑ'ውን ኣብቲ ኣንበሶ ዝርከበሉ ስፍራ በጽሑ። ቀድሚ ናብቲ ንጉስ ጫካ ኮፍ ኢልዎ ዝበረ ዝፋኑ ምብጻሖም፡ ኣድጊ ንና ብዮሕዶ ዓው ኢሉ ክጭድር ጀመረ፡ "ክቡር ጎይታይ፡ ሕብሪ ሳዕሪ ሰመያዊ ዶ ኣይኮነን እዩ?" ክብል ሓተተ። ንዚ ዝሰምዐ ኣንበሶ፡ ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት፡ "እወ ጽቡቕ ኣለኻ - ሳዕሪ ሕብሩ ሰመያዊ እዩ" ክብል መለሰ። ድሕሪዚ፡ ኣድጊ ፍሽኽፍሽኽ እናበለን እናተሃወኸ፡ "ኣይተ ነብሪ ግን ዝረባይ ከም ዘይረብሕ ብምቐጻር ክቃወመኒ ብምፍታኑ ስለ ዘፈጠጠ፡ ክቡር ጎይታይ ግቡእ መቕጻዕቲ ክወሃቦ እሓትት" ብምባል ጥርዓኑ ናብ ኣንበሶ ኣቕረበ።

ንጉስ ጫካ ብድርቅናን ዘይሓፍር ጠባይን ኣድጊ እናተገረመ፡ ዘርዎምን መሃረን ውሳኔ ንምሃብ ኣቃውማኡ ኣተዓራረየ። ቀጺሉ፡ "ዕሕሕ! እምብኣርከስ ኣይተ ነብሪ ከምዚ ዝኣመሰለ ጌጋ ብምፍጻሙ ክቕጻዕ እዩ። መቕጻዕቱ ድማ ንሓደ ዓመት ምሉእ ዝኾነ ቃል ከይዛረብ ተኣጊዱ ኣሎ" ብምባል፡ ንጉስ ጫካ ፍርዱ ሃበ። ኣድጊ ብዘይሞ ፍርዲ ኣዝዩ ተሓጎሰ፡ ከም መርኣያ እቲ ኣብ ልዕሊ ነብሪ ዘመዝገቦ ዓወት ከኣ፡ "ሳዕሪ ሰመያዊዩ" እሉ እናጨደረን ፊዕ እናበለ ንኣንበሶን ነብሪን ኣብቲ ቦታ ገዲፍዎም ተዓዘረ።

ነብሪ ብዘተዋህቦ ውሳኔ እናሓዘነ ፍርዱ ተቐበለ። እንተኾነ፡ ሕቶ ክሓትት ክፍቀደሉ ንንጉስ ጫካ - ኣንበሶ ሓተተ። ኣንበሶ'ውን እንተኾነ ንኽሓትት ማለት ምኽንያቱ ክረ ፈቐደሉ። "ክቡር ጎይታይ፡ ሕብሪ ሳዕሪ ቀጠልያ ምዃኑ ዓለም ብዓለሙ ዝፈልጦ ሓቂ ክንሰሉ ከመይ ኢልኩም 'ኣይኮነን' ትብሉ? ስለምንታይከ መቕጻዕቲ ተበይኑለይ?" ክብል ኣብ ልዕሊኡ ዝዘበየነ ፍርዲ ዘይፍትሓዊ ምኻኑ ከረድእ ፈተነ። ኣንበሶ ሰቕ ኢሉ ክሰምዕ ድሕሪ ምጽናሕ ደጊሙ ንጉሮሮኡ "እሕሕሕ" ኢሉ ብምጽራግ፡ "ብርግጽ ሕብሪ ሳዕሪ ቀጠልያ እዩ" ክብል ተሰምዐ። ነብሪ ብመልሲ ኣንበሶ መመለሱ ተገረመ፡ "እዋእ ከምኡ እናኾነ እናፈለጥኩም ደኣ ከመይ ኢልኩም ኣብ ቅድሚ ኣድጊ ካብ ሕፍረት ክትልበበን መቕጻዕቲ ክበየነለይን ፈቒድኩም?" ክብል ሓተተ።

ኣንበሶ ናይ መወዳእታን ኣራምን መልሲ ንምሃብ ክዳሎ ድሕሪ ምጽናሕ፡ ሓሳቡ ኣኻኸበ፡ ከምዚ ዝስዕብ በለ- "እዚ ዝወሰንኩልካ መቕጻዕቲ፡ ምስቲ ሕብሪ ሳዕሪ ቀጠልያ ደዩ ሰማያዊ ዝብል ሕቶ ዘተኣሳሰር የብሉን። እቲ ነገር፡ ንስኻ ተባዕ ንቑሕን ብሉጽን ፍጥረት ክንስኻ ምስ ከም ብዓል ኣድጊ ዝኣመሰሉ ደንቆሮን በሃምን ክትካታዕ ወርቃዊ ግዜኻ ምብኻንካ እዩ። በዚ ኩነት ኣዝዩ ስለ ዝጠሃኹ ድማ'የ ክትመሃረሉ ብምባል ንሓደ ዓመት ምሉእ ካብ ዘረባ ዝኣገድኩኻ። ብሓፈሻ ምስ መን ትካታዕ፡ ግዜኻ'ውን መዓስን ኣብይን ትጥቀመሉ ክትግንዘብ ዘይምኽእልካ፡ ንጓይ'ውን ብርትዓዊ ኩነት ክፈርድ ኣየኽኣለንን። ንሓሸወየ ሕቶኻ ዝምልስ ግዜ ብሸንቱ ከጥፍእ ድሌት የብለይን። በዚ ተወሲኑልካ ዘሎ ፍርዲ ዕጉብ ክትከውን ድማ ተሰፋ እገብር" ብምባል ናብ ካልኡ ተዓዘረ።

ካብዚ ዛንታ እንመሃሮ ሓደ ኣገዳሲ ነገር ኣሎ። ኣብ ዝተፈላለየ ኣጋጣሚ ምስ ሰባት ክንራኸብ ንኽእል ኢና። ባህሪ እቲ ሰብ ክንርደኦ'ውን ግዜ ኣገዳሲ ተራ ይጻወት እዩ። እንተኾነ፡ ኣብ ከምኡ መመዛኒ ከየብጻሕካ እንታይነት እቲ ሰብ ብንጹር ክትግምግም ዘኽእል መረዳእታ ወይ ሃጹብራቕ ክትዕዘብ ትኽእል ኢኻ። ብዘረባ ዘረባ ኣብ ዝተላዕለ ኣርእስቲ ርእይቶኡ ከፍስስ ሓሳብ ዝቐረበሎ ሰብ፡ ካብ ክውንነት ወጻኢ ነጥባታት እናልዓለ ክትንትነልካን ክምድረልካን ምስ እትዕዘብ፡ እንታይነት ናይ'ቲ ሰብ ንምፍላጥ ዘጸግም ኣይከውንን። ኣብ ከምዚ ሃዋህው፡ "ኣይኮነን" እናበልካ ክትካታዕ ካብ ምፍታን፡ እንተ ተኻኢሉ ሰቕ ምረጽ። ብዙሓት ካብና 'ትንፈር እምበር ጠል እያ' ዝዓይነቱ ደፋር መረዳእታ ሓዚም ብምቕራብ፡ ኣብ ልዕለና ጸብለል ክብሉ ዝፍትኑ ኣለዉ። እዚ'ም ሰባት ገለኦም እቲ ናይ ብሓቂ ባህሪያቶም ክኸውን ይኽእል እዩ። እንተ ናይ ካልኦት ግና፡ 'ተረቲዕና ከይብሉስ ይግበይ ይብሉ' ከም ዝበሃል፡ ካብ ትዕዝብቲ ኣብ ዘርያኦም ዘለዉ ሰባት ንምህዳም ዝጉበርዎ ትዕቢት እንተዘይ ኮይኑ፡ ካልእ መግለጺ ክወሃቦ ኣይክእልን እዩ። ብሓፈሻ ምስ ከምዚኦም ሰባት ኣብ ዘይተደልየ ክትዕ ብምእታው ከተረድኦም ካብ ምፍታን፡ ብተንዲናን ሰሚዒኻ ንዘተረግረገ መንደቕ ደፊእካ ከተውድቖ ይቐልል። ገለ ሰባት ኣብ ክትዕን ምጉትን ካብ ርትዓዊ ኣተሓሳስባ ብምውጻእ ጸማም እዝኒ ክሀቡ ይረኣዩ እዮም። እዚ'ም ሰባት ኑቲ ንሶም ጥራይ ዘቕርብዎ ሓሳብ ከም ቅቡል ብምውሳድ፡ ክሰማዕ'ውን ኣለዎ ብምባል ግዜኻ ክቕትሉልካን ቅጭ'ውን ከምጽኡልካ ይኽእሉ እዮም። እዚ ባህሪዚ ኣብ ቀጻሊ ናብ ዘይተደልየ ህልኽ መሪሑ ኣሉታዊ ውጽኢት ከኸትል ስለ ዝኽእል፡ ብኣጋኡ ምቁራጹ ወይ ካብቲ ክትዕ ምእላይ ዘየወላውልን ናይ መወዳእታ ምርጫኻ ብምዃኑ ክትጥቀመሉ ይግባእ። እቲ ምንታይሲ፡ ምስ ዓሻ ምምጓት ማለት፡ ከም መቐረቱ ንዘይርደኣካ መግቢ ምኽምሳዕ ስለ ዝኾነ።



## መልሲ እተመሳቐለ ቃላት

| | | | | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|---|---|---|
| 1 በ | 2 ስ | 3 ዓ | | 4 ግ | 5 ዝ | 6 ረ | 7 ት | | 8 መ |
| 9 ኪ | ነ | ው | 10 ይ | | 11 ግ | ፍ | ፍ | | ላ |
| | ፍ | | 12 ማ | 13 ሮ | ኒ | | 14 ቶ | 15 ባ | እ |
| 16 ዋ | ል | 17 ታ | | ማ | | 18 ሰ | | ይ | |
| | 19 ጠ | ባ | 20 ስ | | 21 መ | ፈ | 22 ን | ቶ | |
| 23 ተ | ት | | 24 መ | 25 ን | ሐ | ራ | ይ | | 26 ም |
| ቅ | | 27 ዓ | | 28 ሱ | ሰ | | 29 ም | ክ | ት |
| 30 ል | 31 ው | የ | 32 ት | | | 33 ማ | ሰ | | ላ |
| 34 በ | ሪ | | 35 ል | 36 ሕ | ጬ | | 37 ል | 38 ዋ | ም |
| 39 ሰ | ግ | 40 ለ | ለ | ት | | 41 ሊ | | ዛ | |
| | 42 ሪ | ቕ | | 43 ሞ | 44 ና | ሊ | 45 ዛ | | 46 በ |
| 47 ም | ግ | ላ | ው | | ስ | | 48 ዕ | የ | ት |
| ሉ | | ቒ | | 49 ሕ | ር | ጊ | ጎ | | ኪ |
| 50 ጥ | ሪ | | 51 ሚ | ዴ | | | 52 ል | ቢ | |

# ካብዝን ካብትን

ማርታ ክብሮም

## ዓይነታት ዝርርብ ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር

"ምዝርራብ" ወይ "ዝርርብ"፡ ዝኾነ ቃል ምስ ካልእ ሰብ ክንዛረረብ ከለና ዘሎ መስርሕ እዩ። ኣብቲ መስርሕ፡ እንታይ ንጥቀምን እንታይ ኢልና ንዛረብን ክንፈልጥ ዝበለጸ እዩ። ንሎሚ ድማ፡ ኣብ ሰለስተ ደረጃታት ጸሚቕና ከቕርቦም ክንፍትን ኢና፥

ሰለስተ ናይ ምዝርራብ ደረጃታት ኣብ መንጎ ሰብ ሓዳር ኣለው። ናይ ኩላቶም ሰብ ሓዳር ዕላማ ድማ፡ ኣብ'ቲ ሳልሳይ ደረጃ ምብጻሕ ክኸውን ኣለዎ። ብቐዳማይ ደረጃ ጀሚሮም ብኻልኣይ ሓሊፎም ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ዝበጽሑ መጻምድቲ ኣዘዮም ንሓድሕዶም ክፉታትን ዝፋቐሩን ኣደናቒ ሓጎስ ዝተለማመዱን ምዃኖም ኣብዚ ዓውዲ መጽናዕቲ ዘካየዱ ተመራመርቲ ይገልጹ።

**ብዛዕባ ዝተፈጸሙ ነገራት ምዝርራብ፦** እቲ ዝቐለለ ዓይነት ምዝርራብ ኮይኑ፡ ብዛዕባ ኣብ መመዓልቱ ዝፍጸም ፍጻመታት ምዝርራብ እዩም። ንኣብነት ሓደ ሰብኣይ ካብ ስራሕ ናብ ገዛ ምስ ተመልሰ፡ ናይ ስራሕ ሓላፊኡም ሰትዩ ከም ዝመጸ ንበዓልቲ ቤቱ ይነግራ። ንሳ ድማ፡ ብዛዕባ ጸቡቕ ገይራ ዝሰርሓቶ ጸብሒ ወይ ዝሰንከልቶ እንገራ ወይ ብዛዕባ ክትንእሰኩቶ እንክላ እተበላሸዋ ትነግሮ። እንተኾነ ብዙሓት ሰባት በዚ ኣዝዩ ቐሊል ናይ መዛረረቢ ነገራት ኣይዘራረቡን




እዮም።

ንሓድሕድኩም ኣብዛ መዓልቲ ዘወዓለ ነገራት ተዘራረቡ። መጀመርያ እዚ ሓደ ከቢድ ዕዮ ኩይኑ ክስምዓኩም ይኽእል ይኸውን። ድሕሪ ውሑድ ሰሙናት ግና፡ ልምዲ እዩ ዝኸውን። ኣዝዩ ድማ ባህ ዝብል እዩ። ናትካ ዝወዓልካዮ ወይ ዘወዓልክዮ ምንጋር ጥራይ ዘይኮነ ናይ መጻምድትኻ/መጻምድትኺ ምሕታት ኣገዳሲ ነገር እዩ።

ዝኾነ ሰብ ብዛዕባ ስርሑይ ዘወዓልኩዎ ውዕለት ምስ ዝሓትተኒ ግዱስ ሰብ እዩ እየ ዝብል። ሰብ ኣብ ገዛኡ ምስ ኣተወ ብዓልቲ ቤቱ ከመይ ከም ዘወዓለ ዘይትሓቶ እንተኾይና፡ ብዛዕባኡ ዘይትግደስ እዩ ዝመስሎ። ሰበይቲ ድማ ብዓል ቤታ ከመይ ከም ዘውዓለት ምስ ዘይሓታ ከምኡ ብዛዕብኣ ዘይግደስ ክትሓስብ ትጅምር።

**ብናይ ሓባር ጉዳይ ምዝርራብ፦** እዚ ብዛዕባ ገንዘብና፡ ደቅና፡ ብዛዕባ ኣዝማድናን፡ ንመጻኢ ዘለና ውጥንን ክንዛረረብ ከሎና እዩ። ደቅና ኣበይ ቤት ትምህርቲ ነምህሮም፡ ወዲ ሓትነይ ምሳና ክነብር ንሕተትዶ፧ ሓዳስ መኪና ንዓድግ'ዶ፧ . . . ወዘተ። ኣብ ናይ ሓባር ጉዳያት ክንዛረረብ ከሎና፡ ምናልባት ዘይክንሰማማዕ ንኽእል ንኸውን። ዘይምስምማዕ ግና፡ ንምዝርራብና ክዕንቅፎ ኣይግባእን እዩ። እንታይ ደኣ ምዝርራብና ክሳብ እንሰማማዕ ክቕጽል ኣለዎ። ግጭት ንምዝርራብና ክቕትሎ ካብ ምፍቃድ፡ ምዝርራብና ንግጭትና መፍትሒ ንምምጻእ ክንጥቀመሉ ይግባእ። እዚ ክንገብሮ እንኽእል ድማ፡ ዝርርብና ፍቕሪ ብዘመልኦን ንሓድሕድና ክንረዳዳእ ብዘኽእለልና መጠን ንምርድዳእ ብምውሳንን ክኸውን ኣለዎ። ግጭትና ብምዝርራብ ክንፈትሖ ምስ እንኽእል፡ ብዛዕባ ዝኾነ ዓይነት ኣርእስታት ክንዛረብ ክፉታት (ናጻ) ክንከውን ንኽእል ኢና።

**ብዛዕባ ናይ ሓባር ስምዒታት ምዝርራብ፦** ኣብዚ ደረጃ'ዚ ስምዒታትና ናብ ሕብረት ንምምጻእን መደምደምታ ንምግባርን፡ ውሽጣዊ ስምዒታትና ንመጻምድትና ከፊትና፡ መንነትና ብምልኡ ቀሊዕና ሓቀኛ መንነትና ክፊልጥ ንገብር።

እስቲፋኖስ ንበዓልቲ ቤቱ ከምዚ ክብል ተዛረባ - ሎሚ ሓወይ ኣዝዩ ሓሪቑ ተዛሪቡኒ ኣቦይ'ውን ንእኡ ደጊፎም። ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ጉዳያት ምዕላል ቀዳማይ ደረጃ እዮም ዝብሃሉ። ቀጺሉም ድማ፡ እስቲፋኖስ ምስ በዓልቲ ቤቱ ብዛዕባ ናይ ቤተሰቡ ጉዳይ ብኸመይ ክፍታሕ ከም ዝኽእል ተዘራሪቦም። እዚ ድማ፡ ካልኣይ ደረጃ ምዝርራብ እዩ። ምኽንያቱ ንሕናን ኣዝማድናን ብምባል ዝዘራረብሎም ናይ ሓባር ጉዳያት እዮም። ብድሕሪ እዚ በዓልቲ ቤቱ ብዛዕባ ኣሕዋትካን ኣቦኻን ሕጂ ዝስምዓካ ስምዒታት እንታይ እዩ? ክትብል ሓተተቶ። እስቲፋኖስ ድማ ከምዚ ክብል መለሰ፡ "ምስ ስድራቤተይ ዘለኒ ጸቡቕ ርክብ ከይበላሸወኒ እናፈራህኩን እናተጨነቕኩን እየ" ክብል መለሰላ። ኣብ ስምዒታት ኣልዒልካ ክትዘራረብ ከሎኻ ሳልሳይ ደረጃ ምዝርራብ ይበሃል።

ኣብ ሳልሳይ ደረጃ ምዝርራብ ክንበጽሕ እንከሎና፡ ህይወት ምቁር እዩ ዝኸውን። ብኸምዚ ደረጃ ምዝርራብ ምስ እንገብር ሓጎስና ዝተዓጻጸፈ ይኸውን፡ ክብደቱ ስለ ዝከፋፈል ድማ ሸገርና ቀሊል ይኸውን ወይ ብፍርቂ ይጎድል።

ስለዚ ምስ ኣባላት ስድራቤትና እንገብሮ ምዝርራብ ካብ ቀዳማይ ደረጃ ናብ ሳልሳይ ደረጃ ክብ ክብሎ። ግና ብሓደ መዓልቲ ዝብጻሕ ከም ዘይኮነ ክንርዳእ ይግባእ።

## ካብ ስልትታት ኲናት ጀነራል ሳን-ዎ-ጹ



ቅድሚ 2500 ዓመታት፡ ቻይናዊ ጀነራል ሳን-ዎ-ጹ፡ ብዛዕባ ስትራተጅን ስልትን ኲናት ዝጸሓፎም ድርሳናት፡ ክሳብ'ዚ ዘለናዮ ዘመን፡ ኣብ ዓውደ-ውግኣት ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ዓውደ-ውግኣት ንግድን ቁጠባን እውን ሚዛናዊ ከይተተንከፈ ደሲርሑ ኣለው። ገለ ካብ መትከላት ስትራተጅን ስልትን "ጥበብ ኲናት" ጀነራል ሳን-ዎ-ጹ እዞም ዝስዕቡ ይርከብዎም፦

- ክእለት እንተ ሃልዩካ - ዘይትኽእል ምሰል።
- ሓያል እንተለኻ - ድኹም ምሰል።
- ማዕረ ናብ ጸላኢ ዝቐረብካሉ - ርሑቕ ከም ዘለኻ ምሰል።
- ጸላኢ ኣብ ዝሓየለሉ ፍጹም ከይተጥቅዕ።
- ዘይትዕወተሉም ውግኣት ኣወግድ።
- ኣብ ዝደኸምካሉ ኣዝልቕ።
- ሓደጎት ጸላእትኻ ኣፍርስ።
- ጸላኢኻ ኣብ ዘይተዳለወሉ ንኮዕ ብዘይተጸበዮ ቦታ ከኣ ኣጥቅዕ።
- ጸላኢኻ ብዝዮዮኡ ክትፈልጥ፡ ቅድም ቀዳድም ነብስኻ ፍለጥ ዝበሉ እዮም።

## ተወሳኺ . . .


- እትኽደኖ ዓይነት ጫማ ልዕሊ'ቲ ንስኻ እትሓስቦ ኣገዳሲ እዩ። ምኽንያቱ ሰባት ጫማኻ ጥራይ ተዓዚቦም እንታይ ዓይነት ሰብ ምዃንካ ክፈልጡ ኣይሸገሩን እዮም።
- ብመሰረት ዝተገበረ መጽናዕቲ፡ ኣብ ኩሉ ንጥፈታትካ "የቐንየለይ" ኢልካ ምምላስ ሰባት ከም ሓደ ጥዑይ ሰብ ክወስዱኻን ኣጥኻ ዘለዎም እምነት ክዓቢን ይገብሮም።
- እትምገሮ መግቢ ገለ ካብ ጠባያትካ ክነግር ይኽእል እዩ። ኣዝዩ መሪር መግቢ ዝምገቡ ሰባት፡ ሕልፍ ዝበለ ነብሰ ምፍታው ከም ዘለዎም ይግለጽ። ብኣንጻሩ መሪር መግቢ ዘይፈትዉ ሰባት ድማ ምስ ሰባት ተሰማማዒያምን ተወሃሂዶምን ናይ ምንባር ክእለት ዘለዎም እዮም።
- እወታዊ ኣተሓሳስባ ዘለዎም ሰባት ዝበለጸ ህይወት ይነብሩ።
- ብዙሓት ሰባት ዕድመ እናደፍኡ ክኸዱ ከለዉ ጠባዮም እናጠዓመ ይኸይድ።
- ሱሓቢ ደጋዊ ትርኢት ዘለዎም ሰባት፡ ብኻልኦት ሰባት ብቐሊሉ ክእመኑ ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ልዑል እዩ።
- ንሓደ ሰብ ምስ ትጸልኦ፡ ወላ ጸቡቕ ዝገበሮ ነገር'ዩ ክሕርቐካ ዝጅምር።
- ንበይንኻ ኣብ ጽምዋ ቦታ ምጉዓዝ ሓድሽን ፍሉይን ሓሳባት ንኽትሰላሰል የኽእለካ።
- ኣብ ግዜ ድቃስካ ዕረፍቲ ዝስምዓካ ምኽንያት ሓዘን፡ ጓሂ፡ ባሕታውነት ዝበሃል የለን። ዝስምዓካ ነገር ስለዘየለ እዩ።
- ውሽጣዊ ኣፍካ ምሉእ ብምሉእ እንተ ደረቐ መግቢ ከተስተማቕር ዘሎ ተኽእሎ ኣዝዩ ትሑት እዩ።

## ወግዒ ቀዳሞት

- ሓብልን ኮሕልን፡ ጉሒላን ሰዓልን፡ ነኻዕን መሰንተርን፡ ወይዘሮን ቀላልን፡ ወረጃን ሃላልን፡ ጓሳን ሓካልን፡ ሳዕሳዕን ተማህላልን ክሰማማዑ ኣይክእሉን።
- ሓበርካ ዝመኸርካዮ፡ ኣድቂቕካ ዝመተርካዮ፡ መጺኻ ዝሰተኻዮ፡ እቲ ኣይሓምቕ፡ እቲ ኣይሓንቕ፡ እቲ ኣይሰርንቕ።
- መርገም ዘይጸገበ ድኻ ይብድል፡ ጽልኢ ዘይጸገበ ማይ ይዕድል። ኣብ ዘጽእትወካ ምእታው ፍሉጥ ግድል።
- ምስ ዘይፈልጥ ዝተዛረብካዮ፡ ኣብ ልዕሊ ቀላይ ዝጸሓፍካዮ፡ እቲ ኣይጽአኩብ፡ እቲ ኣይንብብ፡ ከም ዘይዓኻዮ።
- ሰብኣይ እንተጠመየ ይድቅስ፡ ሰበይቲ እንተጠመየት ተልቅስ። ሰብኣይ እንተኣረገ ብምርኩስ ይለዓል፡ ሰበይቲ እንተኣረገት ተበዚሕ ሰዓል።
- ቅንኢ ዘለዎ ፍቕሪ፡ ምትእምማን ዘይብሉ ምኽሪ፡ ኣብ ልዕሊ ኣርጋን ሕማም እግሪ፡ ሰዓል ተታሒዝካ ፍግሪ፡ ዘይሰጦር ግብሪ፡ ዘይክኣል ጻዕሪ።

ምንጪ፦ ናይ ቀደም ምሳሌ ትግርኛ

## ካብ ጥቕስታት ሶቅራጦስ



- ኣነ ሓንቲ ነገር'የ ዝፈልጥ፡ ንሳ ኸኣ ሓንቲ ከም ዘይፈልጥ።
- ብዛዕባ ህይወት፡ ገዛእ ርእስናን ኮብኪናን ዘለና ኣፍልጦ ክሳብ ክንደይ ውሑድ ምዃኑ ምስ እንርዳእ እቲ ዝዓበየ ልቦና ኣብ ነብስና ይዓስል።
- ንደቂ ሰብ ዋላ ሓንቲ ክምህሮም ኣይክእልን'የ። ሓንቲ ክገብራ ዝኽእል ከም ዝሓስቡ ጥራሕ'የ ዝገብሮም።
- ሓመይቲ ኣይጎድኡንን'ዮም ምኽንያቱ ስለ ዘይሃርሙኒ።
- ነብስኻ ንኽትረኽብ ብዛዕባኻ ሕሰብ።
- ገለ ግዜ ኣዝዩ እፈርሕ፡ እቶም ብዓይነይ ዝርእዮም ነገራት ምስ ካልኦት ስምዒት ህዋሳተይ ኣወሃሂደ ትርጉም ክረኽበሎም ክብል ኑዩም ካልኦት ስምዒት ህዋሳተይ ከየዕውሮም።
- ጥዕይቲ ሰበይቲ እንተ ተመርዒኻ ሕጉስ ክትከውን ኢኻ፡ ርግምቲ ሰበይቲ እንተ ተመርዒኻ ድማ ፈላስፋ ትኸውን።
- ተፈጥሮ ክልተ ዓይኒ፡ ክልተ እዝኒ፡ ሓንቲ መልሓስ ዝዓደለኒ ብዙሕ ንኽሰምዕን ንኽርእን ውሑድ ድማ ንኽዛረብን'ዩ።
- ሞት ኣብቲ ኩሉ ዝበለጸ ንወዲ ሰብ ዝተዓደሎ ጸጋ'ዩ። ንዓለም ከመሓዳር ንዝደሊ ፈለማ ነብስኻ ኣመሓድር በልዎ።
- ኣነ ወዲ ኣቴንስ ኣይኮንኩን ወይ ግሪኻዊ ኣይኮንኩን። ኣነ ዜጋ ናይ ዓለም'የ።
- እቲ ዝበለጸ ጸቡቕ ነገር ፍልጠት ክኸውን እንከሎ፡ እቲ ዝኸፍአ ሕማቕ ነገር ከኣ ድንቁርና'ዩ።

# ሳላ . . .

*ሃይማኖት መሓሪ*

ኣብ ፈይስቡክ ብዘንብቦኩዎ ጽሑፍዶ ክፍልም፡፡ ኣርእስቲ ናይ'ቲ ጽሑፍ "ሰራቂ ሞት - ሞይቱ" ዝብል'ዩ፡፡ ሓደ ሰብ ናብ ርሑቕ ዝበለ ሃገር ዝበጽሕ መልእኽቲ ስለዝበበ፡ ምስ ከም'ኡ ዝኣመሰሉ ተሳፈርቲ ብኣውቶቡስ ጉዕዞኡ ይጀምረልኩም፡፡ ግዜ ምሳሕ ምስ ኣኸለ ኹሎም ኩሎም ተሳፈርቲ ኣብ ሓንቲ ከተማ ንምሳሕ ወረዱ፡፡ እዚ ጊያሻይ ምሳሕ ምስ በልዐ ሕሳብ ንኸኸፍል ማሕፉዳኡ ንኸውጽእ ሃሰስ እንተ በለ፡ ማሕፉዳኡ ኣብ ጅባኡ ደስኣኖ፡፡ ሽዑ ኣብ'ታ ኣውቶቡስ ሰራቂ ከም ዝረኸቦ ተገንዘበ "ዓኽ" እናበለ፡ ንዋና ቤት-መግቢ፡ ገንዘቡ ከም እተሰርቀ፡ እንተ'ኸኣ ኣብ'ታ ከተማ ዘመድ ከም ዘለዎን ካብኡ ኣምጺኡ ክኸፍሎ ምዃኑን ሓበሮ፡፡ ዋና'ውን ነቲ ሓሳብ ተቐበሎ፡፡ ገንዘብ ሒዙ ምስ ተመለሰ ግና፡ ወያ ኣውቶቡሱ ከይዳ ጸንሓቶ፡፡ ንሱ ድማ ሕሳብ ከፊሉ ብኻልእ ኣውቶቡስ ጉዕዞኡ ቀጸለ፡፡ ኣብ ጉዕዞ ኣንከሎ፡ ካልእ ኣውቶቡስ ብገደል ጸዲፉ፡ መንኮት ግዳያት ምልላይ ክሳብ ዝሰኣን ከቢድ ሓደጋ ስለ ዘጋጠሞ፡ ረድኤት ንኸበርክቱ ዝተኣከቡ ብዙሓት ሰባት ሳዕልን ታሕትን ክብሉ ጸንሕዎ፡፡ እታ ጉዲፋቶ ዝኸደት ኣውቶቡስ ምዃና እውን ኣረጋገጸ፡፡ ወላ'ኳ ዝደሓነ ሰብ ከም ዘየለ ምስ ረኣየ እንተ ሰንበደ፡ 'ሎካ ናተይ ምትራፍ'ሲ ንጸበቐይ እዩ ነይሩ' ብምባል ደጋጊሙ ንፈጣሪ ኣመስገነ፡፡

መንገዱ ብሰላም ወዲኡ ኣብ'ቲ ዝደለዮ በጽሐ፡ መምጽኢኡ ኣሳሊጡ'ውን ናብ ገዝኡ ብሰላም ተመልሰ፡፡ ኣብ ኣፍደገ ገዝኡ ግን ናይ ሓዘን ዳስ ረኣየ፡፡ ንሱ ብሰንባዲ እንታይ ከም ዘጋጠመ ንኽፈልጥ ተሃንጥዩ "እንታይ እዩ ዝርኣዩ ዘለኹ? መን እዩ ሞይቱ?" እናበለ ኩሉትት ከሎ፡ ኩሎም እቶም ዝፈልጥዎ ሓላቓቕ ፍም ክሰዕምዎ ጀመሩ፡፡ ኩነታቱ ጋን ኩይኑዎ ሕቶ ምስ ደጋገመሎም ግን "ንሸካ ኢ'ኻ ሞይትካ ተባሂልካ" ክብሉ ዘደንጹ መልሲ ሃቡዎ፡፡

ወያ ናይ ሓዘን ዳሱ ናብ ዳስ ሓጎስ ተቐይረ፡፡ "ስለምንታይ ደኣ ኣነ ሞይተ?" ኢሉ ሕቶ ምስ ኣቕረበ፡ ብመንኮትካን ሰእል'ካን ንሸካ ምዃንካ ስለ ዝተፈልጠ፡ 'ሰበኩም ሞይቱ' ተባሂልናስ ተረዲእና፡ ቀቢርናካ ከማን" ዝብል፡ መሊሱ ዘደንጹ መልሲ ረኸበ፡፡ መቸም ናይ ደስደስ ወኻዕካዕ ምስ ተወደአ፡ ወያ ሓፍቱ "ኣብ'ቲ ንሓወይ ዝተዳለወ መቓብር ሌባ ክቕበር ስለ ዘይግበኦ ብቐልጡፍ ሕጂ ክወጽእ ኣለዎ" ክትብል 'ኣሻፈረኝ' ብምባል ካልእ ኣርእስቲ ተላዕለ፡፡ እቲ ሞይቱ ተባሂሉ ዝተለቐሰሉ ሓዋ "ግደፊ ንሱ ካብ መቓብር ኣይወጽእን'ዩ፡፡ እዚ ሌባ'ዚ ብዓል ውዕሉተይ ስለ ዝኸነ ኣመና እየ ፈትየዮ ዘለኹ፡፡ እንታይ ኢኺ ትብሊ ዘለኺ? ንሱ ሞተይ እምበር ገንዘበይ መዓስ ኾይኑ ሰሪቑ፡፡ ሳላኡ እየ ሕጂ ብህይወት ዘለኹ፣ ስለ'ዚ ክምስገን እዩ ዝግበኦ" ብምባል ኣማስገኑ ንኣማሲጊ ሃቡ፡፡

ኣብ ዝቐጸለ ዕድመኡ፡ ነቲ ማሕፉዳኡ ዝሰረቐ ሌባ፡ ዓመት ዓመት ሽምዓ ወሊዑ ክዝክሮን ከማስየኖን ይነብር ኣሎ፡፡ ኣነ'ውን "ሳላ'ዛ ዛንታ" እናበልኩ ኣብ ሓንሳእ ብዙሕ ነገራት ከሰላስል ቀንየ፡፡

ኣዋርሕ ይገብር ብሓንቲ ሰብ ባህ ዘየበሎ ኩነት ገጢሙኒ'ሞ፡ ንሓደ መሳርሕተይ፡ ሕርቃነይ እንተ ነፊሰለይ ኢለ "ሰቕ በል'ሰከ ንዓይ'ኮ ከም'ዚ እያ ቡዲላትኒ፡ እዚ ኹሉ ወረዱኒ ዘሎ ብሰንካ እዩ" ኢለዮ፡፡ ንሱ ግን ብዙሕ ከይተገደሰ "ደሓን ሎሚ 'ብሰንካ' ትብሊ ኣለኺ፡ ጽባሕ ንዓሀ 'ሳላኣ' ክትብሊ ኢኺ" ዝብል ሓጺር መልሲ ሃበኒ፡፡ ወላ'ኳ ቀሩብ እንተ ተረጋጊኤኩ፡ ንዝረብኡስ ከም ቀም ፍታሕ ይገብርኑ ገለኡ ድማ ደርማስ ስለ ዝኾነ ነገሩ፡፡ እወ - ሳላ ከም ወርቂ ብሓዊ ዝተፈተነ፡ ሓይሊን ተጻዋርነትን ወሲኽና እምበር ኣይደኸምናን፡፡

ወላ'ኳ ንጸቡቕና ኢሎም እንተ ዘይገበሩዎ፡ ሳላኦም ግን መሰናኽላት ናይ ምስጋርን ውዲት ናይ ምብታንን ዓቕሚ ኣብሪኽና፡፡ እቶም ገዚኢ ወርቅና ንኽዘምቱ ጉናጉዲ ዝፈሓሩ ዘምጉዩ፡ ኣብ ዝኾዓትዎ ጉድጓድ እዮም ተረፎም፡፡ እቲ ንሳቶም ዝፈሓሩዎ ወርቂ ንሕና ረኺብናዮ፡፡

ብዘዕባ ተንኮልን ሸርሕን እንክሓሰብ "ንጸላኢኻ ኢልካ እትኾዕቶ ጉድጓድ፡ ምናልባት ንሸካ ክትኣትዋ ስለ እትኽእል ማዕረ ቀመትካ ግበራ" እትብል ኣበሃህላ ኣላ፡ ምኽንያቱ ነገር ግን ኣይሓሰቡኩምን፡፡ እነሀልኩም ድማ ነዊሕ ከይገበረ፡ እቲ "ብሰንካ" እናበልኩ ዘማረርኩ ዝነበርኩ፡ ከም'ቲ መሳርሕተይ ዝበሎ ናብ "እንቋዕ'ኳ. . ." ተለዊጡ ኣሎ፡፡ ማለት'ሲ "ብሳላኣ" እናበልኩ እሕጎስ ኣለኹ፡፡ ምኽንያቱ፡ እቲ ዘሕረቐኒ ተግባራታ ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ንጸበቐይ ኩይኑ ኣሎ፡፡ ሳላ'ቲ ንፉዕ መሳርሕተይ፡ ኣብ'ታ እዋን ካብ ህልኸን ባእሲን ርሒቐ ነቲ ካልእ ኩርናዕ ናይ'ቲ ዘጋጠመኒ ነገር ክጥምት ክኢለ፡፡

"ሳላ መን ድያ ተዓዊታ..... ሳላ ከም'ኡ ዝነበረት እኮ እያ ኣብ ከም'ዚ ዝበለ ደረጃ በጺሓ....... ሳላ የማኑ ጺጋም ከይበሉ ደቂም ዘዕበዩ፡ እንሀለ ደቂም ፈረ-ጻማኦም ፈድዮሞም. . ." ዝብሉ ቃላት መቸም ኣብ መዓልታዊ ዝርርብና ዘለዉ እዮም፡፡ ሳላ ንፉዕ ሰብኣይ ዘለዋ እያ እምበር... ሳላ ንፍዕቲ ሰበይቲ ዘሎቶ እዩ እምበር... ንሳ ደኣ. . ንሱ ደኣ. . ." እናበልና ሓውሲ ሕሜታ ዝኸውን ዘረባ'ውን ኣይሰኣንን፡፡

ኣብ ውልቀ ሰባት ንዘጋጥም ደኣ ኣልዒልና እምበር፡ ከም ሃገርን ህዝብን እውን "ሳላ" እናበልና ብጸቡቕ እነልዕሎ ኣመና ብዙሕ ሸነኻት እዩ ዘሎ፡፡ እቲ ኣብ ልዕሌና ዝተፈጸመ በደላትን ሸርሒን እውን "ሳላ'ቶም ህይወቶም ዝወፈዩልና ሕሩያት እዩ ነቢረ ኮይኑ" እናበልና ንሕበንን ነማስየንን ኢና፡፡ ሳላ'ቲ ብሰሪ ዓመጽቲ ዝገጠመና መኸራ ከም ዝተረረናን ዝተነጠመርናን እውን ነውቕእ ኢና፡፡ ገለኡ ሸግር ክመጽእ ኹሉ ይተርርን ክሳብ ክንደይ ኩተዕሙቓ ከም ዘሎካ ኣምር እንተዘይብልካ፡ ምስ ኣተኻያ መዋጽኢ ስለ ዘይትረክብ፡ ንባዕልኻ ተደቢ'ኻ ከይትተርፍ ንምባል'ዩ፡፡

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን'ዩ፡፡ ሓደ ተሳፋራይ ኣብ ዝወረደሉ ቦታ ምስ በጽሐ፡ ሕሳብ ክኸፍል ኢዱ ናብ ጅባኡ ሰደደ፡፡ ኣብ ሓንቲ ጅባ ምስ ሰኣነ ናብ'ታ ሓንቲ፡ ካብኣ ድማ ናብ'ታ ካልእ እናበለ ኩሉ ጅባታቱ ይጉርጉር፡፡ ብዓል ታክሲ ድማ ዓቕሉ ክሳብ ዝጸንቀቕ ደው ኢሉ ይጽበዮ ነበረ፡፡ ሽዑ ወዮ ብዓል ታክሲ ተረፍ ሕርቃኑ ግዲ ኾይኑ "ሰማዕ እንዶ ዓርከይ፡ እዚ ኹሉ ፈሐርካ ደኣ ገንዘብ ዘይኩንስ ወርቂ ኢ'ኻ ከተውጽእ ማለት'ዩ" ክብል ንኹላትና ኣሰሓቐና፡፡ እቶም ክሳብ ክንድኡ ፍሒርም ባህጊ ልቦም ክመልኡ ዝሓሰቡ ጸላእትና ጥራይ ኢዶም እዮም ወጺኦም ንኽብል እዩ፡፡ መውዳእትኦም ከም'ዚ ዘይሰለጡት ባህላዊ ዕደና ወርቂ እያ ኩይናቶም፡፡ ንወርቂ ኢሎም ትሕቲ ምድሪ ምስ ፈሓሩ መድፈኒኦም ኩይና፡፡

ዕቡየት ወዲ-ሰብ ኣፍቱ ደረጃታት ኣለዎ፡፡ ብፍሑኽ ጀሚሩ እግሪ ክተኽል ይጀምር፡፡ ካብኡ ድማ እናወደቐን እናተሲኣን ብዕንክሊክሊ ደሰቡም፡፡ ጺሒሑ ብዕባኡ ምኻድ ይጀምር፡፡ ኣብ ከትትና ይበጽሕ፡ ይጉብዝ፡ ሰብኣይ ይኸውን. . . ብኡ ኣቢሉ ይኣርግን ናብ ዓዲ ኹሉና ይግዕዝ፡፡ ምስ ተንኮል ወይ ሸርሒ እንክዘመድ ድማ፡ ኣብ መውዳእታ፡ ማለት ኣብ'ቲ ሞት ደኣ ይራኸቡ ኩይናም እምበር፡ መስርሕ ዕቤቶም'ሲ ግርምቢጥ እዩ፡፡ ሸርሒ፡ ፈለማ ወዛ ዘበለ መሰሉ ይብጽሕ፡ ጺሒሑ ጫፉ እናተቓልዐ ይኸይድ፡፡ ኣሰዒቡ ከም ከንቲት ይፈኩሶ፡ ምስ ግዜን መኸተን ደርማሱ ኣብ መውዳእታ ድማ ንፈሓሲቱ ሐዚ ይመውት፡፡

እዛ "ክፉእ" ዝብልዋ ግናይ ነገር ኩሉ ግዜ ንዋናኣ ለኪማ እያ ትኸይድ፡፡ ብዘይካ'ዚ ግን ብዙሕ ግዜ ንጸቡቕና ኾይና ትጸንሕ እያ፡፡ መቸም መንዩ በደለኛ ክፈርድ ዝኽእል እንተ ኩንኩ'ኳ፡ ሓደ ዝፈልጦ ሰብ ምስ ሓለፈ "ትሓልፍያ" ዝዓይነቱ ጽልኢ ከም ዘለዎም የዕልሉ ነይሮም፡፡ ድሕሪ ዝተወሰነ ግዜ ድማ ብህልኽ ዝኣከል ካብ ስራሕ ከም ዘውጽኡ ነጊሮሙ፡፡ ሽዑ ብሕርቃን ዝኣከል ክቃጸል እናበለ'ዩ ዛንታ ናይ ምብራሩ ዘርዚሩለይ፡፡ ድሕሪ ውሑድ ኣዋርሕ ምስ ተራኸብና፡ ብዕላል ዕላል ንሓላፊኡ ምስ ዘርናዮ "እንታይ ትብሊ ኣለኺ፡ ተሰኣ ደቂሰ እምርቓ ኣለኹ፡፡ ከም'ቲ ንሱ ዝነበረለይ መንዶ ምገበረለይ ነይሩ'ዩ" ኣይብለንን፡፡ ኣነ ድማ 'እሞ ብሓቂ ተበዲሉ እዩ ነይሩ፡፡ እዚ ሓላፊ ኸኣ ብጌጋኡ ተጣዒሱ ሓጊዙዎ ኣሎ ማለት'ዩ' ኢለ እናሓሰብኩ፡ "ክሳብ ክንድ'ዚ ምርቓ ደኣ እንታይ ደዩ ጊይሩልካ?" ኢለ ሓቲተዮ፡፡ እታ መልሲ ድማ "ሳላኡ" ኮይና ጸኒሓ፡፡ ማለት'ሲ ከም ዘዕለለኒ ካብ'ቲ ስራሕ ምስ ተሰጎ፡ ንኽነብር ኢሉ ካልእ ስራሕ ከናዲ ስለ ዝበሮ፡ ንዝተወሰነ ግዜ ይሸገር ደኣ'ምበር፡ መውዳእታኡስ ጸቢቑሉ እዩ፡፡ ብኸሉምሉ ዝሓሸ ስራሕ ረኺቡ፡፡ "እንቋዕ ናብ ሕዝእቲ ገጹ ሰጎጊ" ዝዓይነቱ መልሲ እዩ ሂቡኒ፡፡ እዚ ጥራይ ዘይኮነ ግን "ኣቐዲመ ካብ ዝበርኩዎ ዝሓሸ ነገር ክፍትሽ ዘይምፍታነይ ንሱ'ዩ ንጊቒያ፡፡ ንሱ እንተ ዘይሰጉጎኒ፡ ኣብኡ ጋም-ማገ እብል ምሃለኹ ነይረ፡፡ ስለ'ዚስ ዝሓሸ ነገር ረኺበ ጥራይ ዘይኮነ፡ ወትሩ ንዝሓሸ ነገር ክጽዕርን ክፍትሽን ከም ዘለኒ ምሂሩኒ'ዩ" ክብል ኣብ ቅድመይ ኣመስገኑዎ፡፡

እዛ ዘረባ እዚኣ፡ ኣብ ኩሉ ሸነኻት ህይወት ንኹላትና ትጠቅም ኮይና ይስመዓኒ፡፡ ክንደይ ካብና ኢና፡ ብውሑድ ይኹን ብዙሕ ክንገብር ምስ ጀመርና፡ ኣብ ዘለናዮ ጋም-ማገ ካብ ምባል ሰጊርና ንዝሓሸ ስራሕ፡ ህይወት፡ ጥዕና፡ ትምህርቲ፡ ሞያ፡ ቅዲ-መነባብሮ. . . እንጥምት፡፡ እዚ ክብል ከለኹ፡ ብዘለና ከይመስየንን ክንምጉብን ከም ዘለና ዘንገዐ ኣይኮንኩን፡፡ ግና ዕቤት ዘቋርጽ መስርሕ ስለ ዘይኮነ፡ በቲ እንኽእሎ ዘበለ ደረጃ ክንወሰኽ ንጽዕትዶ? ወይስ ከም'ዚ ፈላጣዩ ካብ ስራሕ ክሳብ እንስጎግ ተጸቢና "ሳላ. . ." ኢና ክንብል?

ዘጋጥመና ሕማቕ ዝመስሉ ኩነታት፡ ከም ክፉእ ኣጋጣሚ ጥራይ ክንርእዮም ዘይኩኑ ናብ ዝበለጸ ነገር ዘሲጋግሩና ክኾኑ ከም ዝኽእሉ ክንሓስብ ዘሎና ይመስለኒ፡፡ ወይ ድማ ከም'ቲ ኣብ ምጅማር ጽሑፋይ ዘሎ ዛንታ፡ ካብ ገለ ዘይቅዱው ነገር ንኸድሕነና ክኸውን ይኽእል፡፡ ካልእ ዕድላት ንኽንፍትሽ ዝፈጥሩዎ ዕድል እውን ኣሎ፡፡ ደሓር ከኣ ብዘተፈላለዩ ብድሆታት ተፈቲንና ብቑዕ ሰብ ምዃንና ከረጋግጽ እንተ ዘይክኣልና፡ ከቢድ ይኹን ንእሹቶ ሸግር ከፍርሓና እዩ ክነብር፡፡ "ጸላኢና ቁልዑ ይንተት" ደኣ ትብል ነበረት ሓንቲ ብርሑቕ ቁልዑ ምዕባይ ዘፍርሓ ዝነበረ ፈላጢተይ፡፡ ብምኽንያት ጥራይ ስለ እትነብር፡ "ስራሕ" ዝበሃል እንተ ኣልዒልካሉ ገጻ ቀይራ "ኣይትሰምዓኒ" እያ መልሳ፡፡

ዋእ. . . ኣቱም ሰባት! ሰብ ብደሃን ለውጢን የድልዮ እዩ፡፡ ምቕረት'ኳ እንተበዚሑ ዘሰልክዮካ! ኣብ ህይወትካ፡ ካብ'ቲ ብቐሊሉ ዝረኸብካዮ ብዙሕ ገንዘብ፡ እተን ተጋዲልካ ወይ ሓመድ ደፋሚኻ ሰሪሕካ ዝረኸብካየን ውሑዳት እየን ዘሐጉሳኻን ዘዕግባኻን፡፡



## ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 09:05 | ኣርባዕተ |
| 09:40 | ፊዮሪና |
| 10:15 | ፓኖራማ |
| 11:00 | ሜእገር |
| 13:00 | ደቂ ተራት ኣብ ስቱድዮ |
| 13:40 | ቀስተ-ደበና |
| 14:00 | ሞዛይክ |
| 16:30 | እንዳ ዝማም |
| 17:05 | ፍረ ጻዕሪ |
| 17:20 | ፊልም ማስተምሮ |
| 17:55 | ዶክመንት |
| 18:35 | መደብ ህርመት |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:13 | ሰትተዓም እትመት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ሓፈሻዊ ፍልጠት ቡያ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | ዘዋሪት ካሜራ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

### ሰኑይ

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ተመክሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ዕላል ጥበባት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ሄሎ ደባይዋ |
| 15:30 | ዶክመንታሪ |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ደረት ቃና |
| 19:10 | ሳይዳ |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ሰሙናዊ ፍጻሜታት ስፖርት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ደሃይ ሕትመት |
| 22:00 | ዜናት(ዓረብ) |
| 22:10 | ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ‘ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት እዩ!’

ሓረስቶትን ኣመስራሕቲ ትካላትን ኣብ ድሕነት መግቢ ዘሎዎም ኣፍልጦ ንምዕባይ ዝሕግዝ ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ ኣብ ትሕቲ “ድሕነት መግቢ ናይ ኩሉ ሓላፍነት’ዩ’’ ዝብል ቴማ ብ3ን 4ን ጥቅምቲ 2024 ኣብ ኣዳራሽ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ተቓኒዑ ነይሩ። ኣብቲ ዓውደ-ዘተ፡ ካብ መላእ ሃገር ዝተዋጽኡ ወከልቲ ሓረስቶት፡ ትካላት መስራሕቲ መግቢ፡ ኣብነታውያን ሓረስቶት፡ ኣባላት ዞባዊ ቍጽጽር ሕርሻን ዕዱማት ኣጋይሽን ተሳቲፎም።

ኣብ መኽፈቲ እቲ ዓውደ ዘተ፡ ኣብ ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ኣገልግሎት ሕጋጋትን ቍጽጽርን ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና ኣብ ዘስምዖ መደረ፡- መግቢ ብቐጥታ ምስ ህይወት ዝተተሓሓዘ ብምዃኑ፡ ድሕነቱ ዘይተሓለወ መግቢ - መግቢ ከም ዘይኮነ ብምግላጽ፡ ጥዕና ሕብረተሰብና ንምሕላው ካብ ኣፍረይቲ ሕርሻ ጀሚርካ ክሳብ ተጠቀምቲ ኣብ ዘሎ መስርሕ፡ ድሕነቱን ጽሬቱን ዝተረጋገጸ ክኸውን ከም ዝግባእ ሓቢሩ። ኣቶ ምስግና ኣስዒቡ፡ ምሕላው ድሕነት መግቢ ሓላፍነት ኩሉ ዜጋ ከም ዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሚኒስትሪ ሕርሻ ዝሓንጸጾ መርሓ ጉደና ‘ውሑስን መኣዛውን መግቢ፡ ንኹሉ፡ ኣብ ኩሉ!” ኣብ ግብሪ ንምውዓል፡ ኣፍረይትን መስራሕቲ መግብን ኣብ ዘካይድዎ ስርሓት፡ ድሕነቱ ዝተሓለወ ንክኸውን ኣፍልጦኦም ክዕዘዙ ተላብዩ።


ኣቶ ተኽለኣብ ምስግና

ድሕነት እቲ ቐንዲ ኣካል ብቕዓት እዩ። ድሕነት ዘይብሉ መግቢ ሞትን ሕማምን ስለ ዘስዕብ ንጽህና መግቢ፡ ኩሉ ዝግበር ጥንቃቐታትን ኣተሓሕዛን ኣብ ኩሉ ደረጃታት ሰንሰለት መግቢ ሰብን እንስሳን ውሕስነቱን ብቕዓቱን ዝተረጋገጸ ቅድመ መግቢ ናብ ተጠቃማይ ምቕራብ እዩ።

መዓልታዊ ብእንምገቦን እንሰትዮን ብኣዝዮም ሓደገኛታት ታህዋስያን ወይ መርዛማት ኬሚካን ኣካላዊ ነገራትን ንብዙሕ ሰብ የሕምሙን ይቐትሉን ስለ ዘለዉ፡ ድሕነት መግቢ ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ዘይኣቱ ብደረጃታቱ ተቐይዱ ኣብ ተግባር ዝውዕል እዩ። ዝተበከለ መግቢ ድሕሪ ምምጋብ ዝረኣዩ ቀዳሞት ምልክታት፡ ደም ዘለዎ ተቕማጥ፡ ተምላስ፡ ረስኒ፡ ዕውልውል ምባል፡ ቅርጻት፡ ክሳብ ሞት ክብጽሑ’ውን ይኽእሉ። ብዝተበከለ መግቢ ዝመጹ ሕማማት ኩሉ ሰብን እንስሳን ዝጥቃዕ እኳ እንተኾኑ፡ ብፍላይ ቆልዑ፡ ነብሰ ጾራት፡ ዕሽላት፡ ኣረጋውያን፡ ድኹም ተጻዋርነትን ናይ ምክልኻል ስርዓት ስለ ዘሎዎም ተነቀፍቲ ይገብሮም።

መግቢ ዝብክሉ ህይወታውያን ብባክተርያ፡ ብቫይረስ፡ ብባልዓትን ፋንጋስን ዝመጹ ኩይኖም ኣብ ከባቢ፡ ኣየር፡ ሓመድ፡ ማይ ዝተበከሉ መሳርሒታትን መሳለጥያታትን፡ ረሳሕ ፈሳሲ ዝሓልፈሉ ቦታ ኣብ ኀሓፍን ተረፍ መግቢ ዝእከበሉ ድም ይርክርቡ። ብተወሳኺ ምስ ቀልቀል፡ ኣናጹ፡ ሓሸራታትን ለምምታን፡ ምስ እንስሳታት መሬትን ባሕርን፡ ኣብ ሰባት ኣብ ከስዐ፡ መዓንጡ፡ ኣፍ፡ ኣፍንጫ፡ ኢድ፡ ኣጽፋር፡ ቆርበት፡ ይመጹ።

ብከላ መድሃኒት፡ መዓልቱ ዝወደቐ መድሃኒት እንስሳ ምጥቃም፡ ልዕሊ ዓቐንን ዘይሕጋውን መድሃኒት እንስሳ ምጥቃም፡ እዚ ኩሉ ካብ ሰብነት ዝብገሱ ግዜ ዝኣኸለ ውጽኢት እንስሳታት ኣብ መግብ ምስ ዝውዕል ንዝተፈላለዩ ቀጥታውን ሕዱርን ሕማማት ክሳብ ሞት የስዕብ። ከምኡ’ውን ተጻዋርነት ጸረ ነፍሳትን ካልእን የቃልዕ።

ብከላ ጸረ-ባልዕ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከም ዘጋጥም፡ እዚ ድማ መትሓዚ ጸረ ባልዕ ንዘቤታዊ መዓላ ምስ ዝውዕል፡ ንፍርያት ብዘይ ግቡእ ምንጻግ፡ ልዕሊ ዓቐን ምንጻግ፡ ጸረ ባልዕ ኣብ ዘይግዚኡ ምንጻግ፡ ኣብ ግዜ ምንጻግ፡ ብምስትንፋስ ፡ብቖርበት፡ ምስ መግቢ ብምብላዕ፡ ምስ ማይ ብምስታይ፡ ስለ ዝመሓላለፍ ግቡእ መከላኸሊ ኣልባሳት ዘይምግባር ምዃኑ ተገሊጹ። መድሃኒት ሆርሞን ዝተሓወሶ መግቢ እንስሳ ዝተመገባ እንስሳ ተረፍ መድሃኒት ኣብ ሰውነተን እንከሎ ምህርተን ምምጋብ ንደቂ ሰባት ስለ ዝብክል ክምገብ ከም ዘይግባእ ኣብቲ ዓውደ ዘተ ተዘትዩሉ።

ኣብቲ ሃገራዊ ዓውደ-ዘተ፡ መስርሕ ስርዓተ መግቢ ካብ መፍረ ጀሚሩ ክሳዕ ምምጋብ ዝኸይድ ስለ ዝኾነ፡ እቲ ዘድልይ ኣገባብ ንጽህና ምስ ዘይንጥቀም ብብከላ ንሓደጋ ክንቃላዕ ስለ እንኽእል፡ መግቢ ዘመስርሓ ትካላት ስግረ-ብከላ ንምክልኻል፡ ጽሬቱ ዝሓለወ ማይ፡ ውሑስ ቀረብ ኤለክትሪክ፡ ብቑዕ መኽዘኒ፡ መመስርሒ ክፍልታት ዘጠቓለለ እኹል ቦታ ክህልዎም ከም ዝግባእ ተሓቢሩ። ብተወሳኺ፡ ኣመስራሕቲ ትካላት ዝጥቀምሉ መሳርሒታት፡ ካብ ዘይምርቱን ዘይምረዙን ነገራት ዝተሰርሑ፡ ብቐሊሉ ዝጸርዩን ዘመኽኑን ክኾኑ ከም ዝግባእ፡ ኣብ መስርሕ ጽሬት ጠንቂ ብከላ ንዝኾኑ ተረፍ - መረፍን ካልእ ርስሓትን ዝኣሊ ክኸውን ከም ዘሎዎ ኣብ ዝቐረቡ ወረቓቕቲ ተገሊጹ።

ንድሕነት መግቢ ኣብ ቦታ ሕርሻ ኣመልኪቱ ኣብ ዝቐረበ ጽሑፍ፡ ሓረስታይ ሕርሻዊ ንጥፈታት ቅድሚ ምክያዱ፡ ከባብያዊ ንጽህና ኣብ ቦታ ሕርሻ ምሕላው፡ ኣብ ጐሓፍ ዝእከበሉን ረሳሕ ፈሳሲ ዝሓልፈሉን ቦታታት ክድኮን ከም ዘይግባእ ተሓቢሩ። ኣብ ምምስራሕ መግቢ ዝነጥፉ ሰራሕተኛታት፡ ካብ በከልቲ ሕማማት ክጥንቀቑ ከም ዝግባእ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ 3 ኣዋርሕ ድማ ጥዕናኦም ብምምርማር ወረቐት ምስክር መረጋገጺ ጥዕና ከሐድሱ ከም ዝግባእን እኹል መተዓየዩታት ኣልባሳት ክወድዩ ከም ዘለዎም መዘኻኸሪ ቀሪቡ።

ብዘይካ’ዚ ኣብቲ ዓውደ ዘተ፡ ብዛዕባ ድሕነት መግብን ብከላ መግብን፡ ቅኑዕ ንጥፈታት ሕርሻ፡ ንጥፈታት ምምስራሕ መግቢ፡ ድሕነት መግቢ እንስሳ፡ ምዕቃብ መግብን ዝብሉን ካልኦትን ወረቓቕቲ ብሰብ ሞያ ቀሪቦም። ኣብቲ ንኽልተ መዓልታት ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ፡ ተሳተፍቲ ኣብ ዝሃብዎ ርእይቶን ዘተሓላለፍዎ ለበዋታትን፡ ዝተሓንጸጹ መደባት ስራሕ ንምዕዋት፡ ሓረስቶት ምስ ዘሎዎም ጽበት ቦታ መኽዘኒ ፍርያት ክዳለወሎም፣ ጸገማት መጓዓዝያ ክፍትሓሎም፡ ኣብ ሩባታት ዝጓሓፉ ነገራት በከልቲ ማይ ስለ ዝኾኑ መግትኢ ክግበረሎም፡ ኣብ ፈቐዶኡ ዝሸየጥ ዘሎ ዘይሕጋዊ ጸረ-ባልዕ መድሃኒታት ተገቲኦም ብዝምልከቶ ሕጋዊ ኣካል መድሃኒት ክቐርበሎም፣ እቲ ዝተዋህበ ኣስተምህሮ ድማ ኣብ ኩሉ እንተዝባጻሕ ዝብሉን ካልኦትን ይርከብዎ።

ካብቶም ኣብቲ ዝተኻየደ ሃገራዊ ዓውደ ዘተ ዝተሳተፉ ተሳተፍቲ ፡ ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ኣቑርደት ብምርባሕ ናይ ጸባ ከብትን ምፍራይ ኣሕምልትን ፍረታትን ዝነጥፍ ዘሎ ኣቶ ዓንደብርሃን ኣረፈ ብዛዕባ ካብቲ ዓውደ ዘተ ዝረኸቦ ኣፍልጦ ኪገልጽ እንከሎ “ብዘይ ህዝቢ ሃገር ስለ ዘየሎ ህዝብና ጥዕናኡን ድሕነቱን ዘውሓሰ ቀረብ ከነቕርበሉ




ኣቶ ዓንደብርሃን ኣረፈ

ሓላፍነት ስለ ዘሎና ካብቲ ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ ኣብ ልዕሊ ዝነበረና ኣፍልጦ ዝያዳ ደሪዑልና እዩ። ጉዳይ መድሃኒት ድማ ድሕሪ ምንስናሱ ምህርቲ ኣብ ዝሕፈሰሉ እዋን ልዕሊ 20 መዓልታት ጸኒሕካ ኪሕፈስ ከም ዝግባእ ካብቲ ዓውደ ዘተ ኪግንዘብ ኪኢለ” ክብል ርእይቶኡ ሂቡ።

ካልእ ኣብቲ ሃገራዊ ዓውደ ዘተ ዝተሳተፈት ኣብ ዞባ ጋሽ ባርካ ንኡስ ዞባ ፎርቶ ሳዋ ኣብ ፍርያት ሽጉርቲ፡ በርበረን ካልእን እትነጥፍ ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብታይ ብወገና ኣብ ዝሃበቶ


ወ/ሮ ዮርዳኖስ ሃብታይ

ርእይቶ “ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ ዝብል ዝተሓንጸጸ ስትራተጂ ንምትግባር፡ ድሕነት ተጠቀምቲ ንምሕላው ነቲ ቅድሚ ሎሚ ጸረ ባልዕ ተባሂሉ ኪንጥቀመሉ ዝጸናሕና ዝተፈላለየ ኬሚካላት ኣወጊድና ብኣፍልጦ ሚኒስትሪ ሕርሻን ብኪኢላታት ብዝወሃበና መምርሒታት ተሰኒና ኪንሰርሕ ሓጋዚ ኣፍልጦ ኪጭብጥ በቒዔ” ኢላ።

ብዘይካ እዚ ካብ ዞባ ዓንሰባ ንኡስ ዞባ ዒላበርዕድ ኣብ መፍረ ናይ ጸባ ከብቲ፡ ምፍራይ ደርሁ፡ ንህቢ፡ ኣሕምልትን


ኣቶ ማህደር ማንታይ

ፍረታትን ዝነጥፍ ዘሎ ሓረስታይ ኣቶ ማህደር ማንታይ ብወገኑ “ክትነብር እንተ’ኼንካ ጥዕና ክትረክብ ኣሎካ ፡ ጥዕና ድማ ካብ እትምግቦ መግቢ ስለ ዝመጽእ እቲ ንወድሰብን እንስሳን እተቕርቦ ፍርያት ድማ ጥዕናኡ ዝተሓለወ ኪኸውን ይግብኦ። ስለዚ ካብቲ ዓውደ ዘተ ድሕነት ሰብን እንስሳን ብኸመይ ኪንዕቅቦ ከም ዝግባኣና እኹል ኣፍልጦ ክረክብ በቒዔ። ኬሚካላዊ ድኹዒ ኣወጊድና ባህርያዊ ድኹዒ ብኸመይ ከም እነቕርቦ ክርዳእ ክኢለ። ተመሊሰ ድማ ነቶም ከማይ ዕድል ዘይረኸቡ ሓረስቶት ዝረኸብኩዎ ፍልጠት ከካፍሎም ድሉው ኣለኹ” ኢሉ።

ኣብ ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ ብምፍራይ ኣራንሺ፡ ኮመደረ፡ ጉዕ በርበረ ዝነጥፍ ዘሎ ኣቶ ኢብራሂም ዮሱፍ ዑመር ብወገኑ፡ “ቅድሚ ሎሚ ኣብ ምውሓስ ድሕነት


ኣቶ ኢብራሂም ዮሱፍ ዑመር

መግቢ ምስ ሕርሻ ኣተኣሳሲርካ ክረኣየኒ ኣይጸንሐን። ካብዚ ዓውደ ዘተ ብዙሕ ዘይፈልጦ ነገራት ክፈልጥ በቒዔ። ከምዚ ዝበለ ዓውደ ዘተ ድማ ብቐጻሊ ኪወሃበና እላቦ’’ ኢሉ።

ኣብ መወዳእታ ኣብ ዞባ ደቡብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ኣብ ምርባሕ ናይ ጸባ ከብትን ውጽኢቱን ተዋፊራ ትሰርሕ ዘላ ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብተጊዮርጊስ ኣብ ዝሃበቶ ርእይቶ፡ “ድሕነት ዜጋታትና ንምሕላው ሓደ ካብቲ ክግበር ዝግብኦ ልዑል ጥንቃቐ እዩ። እዚ ዝተኻየደ ዓውደ ዘተ ድማ ኣብ ዕለታዊ ስራሕና ብዛዕባ ክንገብሮ ዝግባኣና ልዑል


ወ/ሮ ኣብርሀት ሃብተጊዮርጊስ

ጥንቃቐ ዘዘኻኽር እዩ። ጥዕናኡ ዝተሓለወ ፍርያት ናብ ሕብረተሰብና ንምቕራብ ድማ ኩሉ እቲ ዝረኸብክዎ ፍልጠት ናብ መሳርሕተይ ከሰጋግሮ እየ።” ክትብል ርእይቶኣ ሂባ።

ብሰንኪ ዘይውሑስ ኣደላልዋ መግቢ፡ ኣብ ዓለምና በብዓመቱ ልዕሊ 600 ሚልዮን ሰባት ብሰንኪ መግቢ-ወለድ ሕማማት ከም ዝሓሙ፣ ካብዚኣቶም ድማ እቶም 420 ሽሕ ሰባት ከም ዝሞቱ፣ ከም ሳዕቤኑ ድማ ንሕክምናን መጒሓፊ መግብታትን 110 ሚልዮን ዶላር ክሳራ ከም ዘስዕብ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ይሕብሩ።

ብርሃነ ዓንደመስቀል

ጨንፈር ህዝባዊ ርክባት ሚ/ሕርሻ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ


ኣዘል

AZEL PHARMACEUTICAL Sh.Co.

## NOTICE
## REQUEST FOR PROPOSAL (RFP)
## FOR COMPENSATION ANALYSIS

1. Azel Pharmaceutical Sh Co. (Azel) is pleased to announce the release of the Request for Proposal (RFP) for a comprehensive Compensation Analysis. We are seeking proposals from qualified bidders with expertise in job evaluation and compensation studies to assist us in reviewing and enhancing our compensation structure.

2. Purpose of RFP:
   - ❖ Evaluate our current compensation structure.
   - ❖ Recommend updates and changes to job classifications and employee compensation.
   - ❖ Review and potentially revise our overall compensation philosophy, including an implementation strategy.

3. Collection of RFP
   - ❖ The RFP can be collected from the address given below during office hours (Monday through Friday) upon cash payment of a non-=refundable fee of ERN 100.00.

4. Submission of Proposals
   - ❖ Proposals, along with requisite information, should be submitted by email and/or I sealed envelopes within 14 days from the final date stated in the newspaper notification, during office hours at 9:00 AM.
   - ❖ Proposals will be opened the day after the final submission date.
   - ❖ Envelopes should be clearly marked with “RFP- COMPENSATION ANALYSIS”.

5. Rights Reserved
   - ❖ Azel reserves the right to accept or reject any or all proposals without justification.
   - ❖ Azel assumes no liability for expenses incurred by bidders in the preparation of the bid documents
   - ❖ Azel reserves the right to negotiate the terms and conditions of any proposal leading to the execution of a contract.
   - ❖ Azel reserves the right to waive any technical or legal deficiencies in the proposals.

   Procurement Manager

**Azel Pharmaceutical Sh. Co.**

**P.O. Box 6799**

**Zip Code: 175-11 St., No. 51**

**(*Near Albergo Italia*)**

**Asmara-Eritrea**

**Tel.: 291-1-120029/291-1-113492**

**E-mail: bids@Azelpharma.com**

**Website: Azelpharma.com**


### 1ይ ደረጃ ቤ/ፍ መንደፈራ

ምሕረት ጠዓመ ኣርኣዶም፡ ኣቦና ጠዓመ ኣርኣዶም ደስታን ኣዴና ክብራ ተኽለሃይማኖት መሓሪን ስለዝዓረፉ፣ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን19/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ዓንደሚካኤል፡ ስም ት/ዕደመ ወደይ ማክሲሞስ ኣብርሃ በርሀ ምግል ተረፉ፣ ብሩኽ ኣብርሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመሉ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ጉብረትንሳኤ ለኣከ ኣስመሮም ምግል ተረፉ፣ ዛይድ ለኣከ ኣስመሮም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቦ ኣለም ኣበራ፣ ብዓል ቤተይ ኣቶ የሴፍ ጉብረእየሱስ ጉብሳ ስለዝተሰወኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢት ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ተበርሀ ንጉሰ፡ ብዓል ቤተይ ጉብረመድህን ሓድጉ ስለዝዓረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰሊይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቂ ድማ ወረስቲ ምኳናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ነጋሲት ኣብርሃም ድራር፡ ተኸሳሲ ኣፈወርቂ ብርሃ ድራር፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ን13/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

ሚጀር ተፈራ ኣበይቴሩ፣ ወለደይ ኣበይቴሩ ጉብረእየሱስ ወልደስላሴን ለተድንግል ባርያጋብርን ስለዝዓረፉ፣ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ምስጋና ሃይለ ከርሱ፡ ኣደይ ንግስቲ ህንጻእየሱስ ዑቕባሚካኤል ስለዝዓረፈት፡ ምስ 1ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባጽዕ

ወ/ሮ ኣልማዝ ኣረጋይ ሃብተገርግስ፡ ብዓል ቤተይ እስቲፋኖስ ወልደገርግሽ ኣስፍሃ ስለዝዓረፈ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ዓብደላ ሐመድ ጸዕዳ ምግል ተረፉ፣ ዓብደላ ኣሕመድ መሓመድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኢብራሂም ኣሕመድ ዑመር ምግል ተረፉ፣ ዲኒ ካይሪ ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ከሳሲ ኣቶ ኣሕመድ ዓቡዱ ዓሊ ተጻዋዕቲ 1.መሓመድ ዓብደላሂ በክሪ ኣልሙርቓኒ 2.ፋጥማ ዓብደላሂ በክሪ ኣልሙርቓኒ 3.ረቅያ ዓብደላሂ በክሪ ኣልሙርቓኒ 4.እስማዒል ዓብደላሂ በክሪ ኣልሙርቓኒ 5ዘይኑብ ዓብደላሂ በክሪ ኣልሙርቓኒ ንዓኹም ዝምልከት ስም ምትሕልላፍ ናይ ሲቪላዊ ፋይል ተኸፊቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣቶ ቀላቲ መርከ ኣረይ፡ ሓፍተይ ጸዕዱ መርከ ኣረይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

በረኸት ዓንደሃይማኖት ድጉ፡ ኣደይ ብሪ ብስራት ካሕሳይ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ከሳሲ ኣቶ ተኽለወይኒ በርሀ ጉብረመድህን፡ ተጻዋዒት ወ/ሮ ሳምያ ሐሴን መሓመድ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ኣድራሻኺ ስለዘይተፈልጠ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ፡፡

ወ/ሮ ኣለማሽ ርእሶም መሓሪ፡ ወኪል ኢናቢ ሃይሉ ርእሶም፡ ኣደይ ኪዳኑ መድሃኔ ወልደሃንስ ስለዝዓረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ሞልቂ

ልዋም ጉብረእግዚኣብሄር በየነ፡ ብዓል ቤተይ ወልዱ ተስፋጋብር መንግስትኣብ፡ ኣበይ ከምዘሎ ስለዘይፈለጥኩ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ይጸወዓለይ ስለዝበለት፣ ን23/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ERITREA
## Specific Procurement Notice
## Invitation for Bids [IFB] Goods
## (One-Envelope Bidding Process)

IFB Number: PMU/SSDEE/ADF/OCBI/G/002/2024
Purchaser: Project Management Unit of Ministry of Education (PMU-MoE)
Project: Support to Skills Development for Employability and Entrepreneurship (SSDEE) Project
Contract title: Supply and Delivery of Workshop and Lab Equipment in three Lots (Phase IV)
Country: The State of Eritrea
Loan No. / Grant No.: Loan number 2100150032843 & Grant no 210015029467
Procurement Method: Open Competitive Bidding (International) (OCBI)
OCBI Reference No: PMU/SSDEE/ADF/OCBI/G/002/2024
Issued on: October 09, 2024

1. The Government of the state of Eritrea has received financing from the African development Bank hereinafter called the Bank towards the cost of the Support to Skills Development for Employability and Entrepreneurship (SSDEE) Project and intends to apply part of the proceeds toward payments under the contract for Supply and Delivery of workshop and Lab Equipment in three Lots (Phase IV). The Borrower shall process the payments using the Direct Payment disbursement method, as defined in the Bank's Disbursement Guidelines and procedures for Investment Project Financing.

2. The Project Management Unit of Ministry of Education (PMU-MoE) now invites sealed Bids from eligible Bidders for Supply and Delivery of workshop and Lab Equipment in three Lots (Phase IV):

* Lot 1: Music Instruments, Equipment and Accessories, [for: Asmara Music School-Asmara City]
* Lot 2: Computer Maintenance and Networking (CMN) [for: Halai Technical School-Asmara City] and
* Lot 3: Ceramics Works. [for: Asmara Ceramics School-Asmara City final destination]

3. Bidding will be conducted through the Open Competitive Bidding (International), (OCBI) method as specified in the African Development Bank's Procurement Policy for Bank Group Funded Operations, dated October 2015, which is available on the Bank's website at www.afdb.org and is open to all eligible bidders as defined in the Procurement Framework.

4. Interested eligible Bidders may obtain further information from the Project Management Unit of Ministry of Education (PMU-MoE),Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager (mgilagaber2019@gmail.com), and/or Mr. Esayas Tesfai, Head of Procurement/ Procurement officer (esumesgana4411@gmail.com) and can collect the bidding document during office hours Monday-Friday i.e. 7:30 to 13:00 hrs. At the address given below.

5. The bidding document in English language may be received by interested eligible Bidders upon the submission of a written application with company headed paper signed and sealed to the address below.

6. Bids must be delivered to the address below on or before 10:00 a.m. Local time on Tuesday, 26 November 2024. Electronic Bidding will not be permitted. Late Bids will be rejected. Bids will be publicly opened in the presence of the Bidders' designated representatives and anyone who chooses to attend at the address below 10:00 a.m. Local time on Tuesday, 26 November 2024.

7. All Bids must be accompanied by a Bid Security

For Lot One Music Instruments, Equipment and Accessories, USD 5,000.00 (Five Thousand USD or equivalent.)

For Lot Two Computer Maintenance and Networking Workshops (CMN), USD 5,000.00 (Five Thousand USD or equivalent.)

For Lot Three Ceramics Works, USD 5,000.00 (Five Thousand USD or equivalent.)

8. Attention is drawn to the Procurement Framework requiring the Borrower to disclose information on the successful bidder's beneficial ownership, as part of the Contract Award Notice, using the Beneficial Ownership Disclosure Form as included in the bidding document.

9. The address (es) referred to above is (are):
Project Management Unit of Ministry of Education (PMU – MOE)
Attention: Mr. Mebrahtu Gilagaber, General Manager of PMU-MOE and/or
Mr. Esayas Tesfai, Head of Procurement/ Procurement Officer PMU-MoE
Street Address: Hday Street No: 748-1, Floor/Room number: Dembe Sembel, Block "A" First Floor, ZIP Code: 748-1, Asmara, Eritrea
Telephone numbers: 00291-1-151614/ 002917218050/00291267380
Facsimile number: 00291-1-152181
Emails: mgilagaber2019@gmail.com, and/or
esumesgana4411@gmail.com

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል

ዛፉ ወልደሚካኤል ሃብተማርያም፡ ብዓል ቤተይ ደሱላቕ ተኽለሃይማኖት ንጉሰ ስለዝዋረረ፡ ንጳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ ካብ 7 ደቅና 4 ናይ ውርሲ ማሰሎም ስለዝጸግዎ፡ 3 ደቅና ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ተስፋኣለም ተስፋዝጊ ሃብተሚካኤል፡ ኣቶ ገዘኢ መሓሪ ገብረመድህን ኣብ 1996 ዓ/ም ካብ ሃገር ምስ ወጸ ክሳብ ሕጂ ደሃይ ስለዘይብሉ፡ ጥፉእ ምዃኑ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ወደብ ሚካኤል ሃብቱ፡ ብዓል ቤተይ ዳዊት መልኣከ ዘርኣማርያም ስለዝተሰወኦ፡ ንጳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ኣረጋሽ ተኽላይ፡ ተኸሰስቲ ናህም እስቲፋኖስ +1 ዘሎ ናይ ገዝቡ ክርክር፡ ተኸሳሲት ሊያ እስቲፋኖስ ብጋዜጣ ተጸዊዐኪ ን6/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.33 ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብዘየለኽሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

ኣብርሃም ገብረያሱስ ገብረስላሴ፡ ወደይ ኣማን ኣብርሃም ገብረያሱስ ስለዝዋረረ፡ ውላድ ስለዘይገደፈ፡ ኣነ ምስ ኣዲኡ ወ/ሮ ፍረወይኒ ገብረእግዚኣብሄር ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ፡፡

የርዳኖስ ሃይለ ገብረያሱስ፡ ብዓል ቤተይ ኤልያስ ሃይለ ስለዝዋረረ፡ ንጳይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47 ይቕረብ፡፡

ትዕግስቲ ሃብታሙ ተገኘ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ቢንያም መድሃኔ ጌጡ፡ ትዕግስቲ ሃብታሙ ተገኘ ሞግዚት ውላድኩም ኮይና ክትሸየም ምልክታ ስለዘቕረበት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋቢያ ቁ.47 ቅረብ፡፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ጸሃየ ከበደ ፍርዙን፡ ወለደይ ከበደ ፍርዙንን ሊታይ ዘረፈ ሓጎስን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 8 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲ ኣቶ ኣማኑኤል ኣስመላሽ ጸጋይ፡ ተኸሰስቲ 1.የውሃንስ ተኽሊያ 2.የሃና ተስፋይ 3.ኣሌክሳንደር ተስፋይ 4.ለድያ ሃብቶም ኣስመላሽ 5.መንግስትኣብ ኣስመላሽ 6. ቤተልሄም ሰመረ 7.ሃና ሰመረ ኣስመላሽ 8.ቶማስ ሰመረ 9.ገብረሂወት ኣስመላሽ ናይ ምቅሊት ውርሻ ክሲ ቀሪቡልኩም ስለዘሎ፡ ን29/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋቢያ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክረኣ ምዃኑ ነፍልጥ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ወ/ሮ ሰለማዊት እዮብ ገብረመድህን፡ ኣደይ ገብርኤላ ክንፈ ጎይትኦም ስለዝዋረረት፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ እምባደርሆ

ኮኾብ ፎቶ ፍረእዝጊ ምግል ተረፉ፡ ኮኾብ ፍትዊ ፍረእዝጊ ተባሂሉ ይተኣረመለይ፡ ስም ኣደይ ድማ መርሃዊት እንዲትሮ ሳህለ ምግል ተረፉ፡ መርሃዊት እዝበርቶ ሳህለ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

የናስ ወልደስላሴ የሴፍ፡ ዓቐይ ገብርኤል ገብረሃዋርያት ሃማርያም፡ ንበጽሒታ ኣመልኪታ፡ ኣብ እምባደርሆ ዝርከብ ብሰሚን ምስ ለተኪዳን ገብረክርስቶስ፡ ብምብራቕ ምስ መንገዲ፡ ብምዕራብ ምስ መንገዲ፡ ብደቡብ ምስ ዑቕባዝጊ መዳውብቲ ዝኾነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ንጳይ ንወዲ ወዳ ዝገደፈትለይ ለበዋ ክጸድቀለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤፍ/ ይቕረብ፡፡

### 1ይ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

ኣቶ ጸጋይ ኢሳቕ ተስፋስላሴ፡ ወ/ሮ ሰናይት ተስፋሚካኤል ዓንደ፡ ጓልና ፊልማዊት ጸጋይ ኢሳቕ ስለዝተሰወኣት፡ ንሕና ጥራይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ኣስመራ

ክብረት ኣስመሮም ሃይመን ሓወይ ታሪኽ ኣስመሮም ሃይመን ኣብ ምም/ን/ዞ/ ኣኸርያ ዝበረ፡ ኣብ መውጽኢታ 10/19 ምስ ወጸ ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፉእ ተባሂሉ ይተኣወጀለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

የሻረግ ተወልደ ካሕሳይ፡ ኣደይ ብርጭቅ መድሃኔ ዑቕባይ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ 1 ጓል ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ክብራ ቀላቲ ማና፡ ብዓል ቤተይ መርእድ ሃይለ ሃይለማርያም ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ተማሰገን መሓሪ ዘርኦም፡ ስም ኣደይ ለተኸዳን ጉብሩ ምባል ተሪፉ፡ መኣዘ ተስፉገየርገስ ተስፉጋብር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ንያት መሓረና ሓጎስ ምባል ተሪፉ፡ ንያት መሓሪ ሓጎስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ደሊና ኣንገሶም መንግስትኣብ፡ ኣቦይ ኣንገሶም መንግስትኣብ እምባዩ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 1 ሓፍተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

ኣሌክሳንደሮ ብርሃነ ስበሓቱ ምባል ተሪፉ ኣሌክሳንደር ብርሃነ ስበሓቱ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን16/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.47 ይቕረብ።

መድሃን ገብረሚካኤል ጸዕዱ፡ ብዓል ቤተይ ሚካኤል በርሀ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓልና ከኣ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸላ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

የናስ ደብሳይ ማሳፍን፡ ኣደይ ኣምለሱት ብርሃነ መሓሪ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ብርሃነ በራኺ ከተም፡ ኣቦይ በራኺ ከተም ኣድሓኖም ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 7 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ወ/ሮ ሚዛን ጊሎም ተስፉጻየን፡ ብዓል ቤተይ ልኡል ኪዳ ደስታ ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.47 ይቕረብ።

ከሰሲት ልዋም ተወልደ ተስፉዝጊ፡ ተኸሳሲ ኣቶ መርሃዊ ገብረሂወት፡ ንዓኻ ዝምልከት ጉዳይ ስለ ዘሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ ጉዳይካ ኣብዘየለኻሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

ፊሸን ክብሮም ጉላይ፡ ዓፀይ ለተብሃን መብራህቱ፡ ግርማጼን ብ06/02/2020 ብቁ/መ/38/2020 ኣብ ቅድሚ ረጂስትራር ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ሕጋውያን ማሰኻኸር ኣብ ዝተረኸቡሉ፡ ብዞባ ኣብ ዞባ ማእከል ኣስመራ ን/ዞባ ሰማቤል (ዞባ 4 ምም/12 ጎደና ሰ ነር) ብቁ/ ገዛ 28 ሎታ 30 ቁ.ፓርሰል P ዝርከብ ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ኤርትራ ብቁ/ ምኽር ወረቐት 104170 መወከሲ ቁ. 123982 ስፍሓት መሬት 100 ት/ሜ 2+ ቀንዲ ክፍልታት ምስ 1 ሓገዝቲ ክፍልታት ተመዝጊቡ ዝተረጋገጸ ንብረት ገዛ ናይ ህያብ ውዕል ስለ ዝፈጸመትለይ፡ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ይቕረብ።

ፍስሃየ ባይራይ ክፍሉ፡ ኣሞይ ቅድሚ ኣርባዕተ ዓሰርተ ብሞት ምፍላዩ ብዕለት 23/06/2012 ዓ/ም ኣብ ቅድሚ 4+ ማሰኻኸር ቀረባ ኣብ ኣስመራ ምም/ን/ ዞባ ጎዳይፍ ኣብ ብሎክ 68 ፓርሰል “A” ዝርከብ ብቁጽሪ መለለዩ መሬት 0342 ካብ ዝተመርሓለ ጠቕላላ ስፍሓት 495 ት/ሜትሮ ፍርቁ 247.5 ት/ሜትሮ ኣብ ውሽጡ ሓደ መደቀሲ ሓደ ሳሎንን ክሽን ዓዲ ምድሪን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብምሉእ ድሌታን ብፍቓዳን ንዓይ ንኣመልካቲ ወዲ ሓዋ ክኸውን ብውህብቶ ስለ ዝሃደፈትለይ፡ እዚ ወህብቶ ጸዲቑ ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን21/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ናህም ሳህለ ወልዱ ምባል ተሪፉ፡ ናህም ሳህለ ወልደገብርኤል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

ራሄል ተስፉጋብር ሃይሉ፡ ኣደይ መድሃን ኣስገዶም ስለዝዐረፈት፣ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን4/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ቁ.49 ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣዜብ ርእሶም ተማሆ፡ ሓወይ ረዘ ርእሶም ተማሆ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ 8 መጋባእያ ይቕረብ።

ወ/ሮ ናርዶስ ዓንደማርያም ዑቕባክርስቶስ፡ ብዓል ቤተይ ሳምሶም ተስፉገርጊሽ ሃይለማርያም ስለዝዐረፈ፡ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 1 ጓሉ ጥራይ ወራሲት ምዃና ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 5ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ሳሮን ጳውሎስ ዘርእማርያም፡ ተጸዋዒ ኣቶ የሴፍ እንድርያስ ገብረጻድቕ፡ ናይ ሞግዚት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፣ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ።

## ቤት-ፍርዲ ደቀምሓረ

ከሳሲ ኣቶ ምሕረትኣብ ስዩም፡ ወኪል ኣቶ ጥዑምዝጊ ስዩም፡ ተኸሰስቲ 1. ኣቶ ኣርኣያም ተኽለማርያም 2. ወ/ሮ ለተሚካኤል ሃይለ ወልደሰላሴ ብናይ ሲቪል ጉድኣ ተኸሲስኩም ስለ ዘለኹም፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን28/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ።

ወ/ሮ ፍቶሪ መሓሪ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ተስፉማርያም ዓብለል ጎይትኦም፡ ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን6/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ሰም መሓሪ ገብረድንግል ምባል ተሪፉ፡ ኢሳቅ መሓሪ ገብረድንግል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተስፉልደት ባሁሩ ሃይሉ፡ ሓብትና ስምሰም ባሁሩ ሃይሉ ስለዝዐረፈት፡ ኣነ ምስ 1 ሓወይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሃይማኖት ገብረገርግስ ገብረሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ኣቶ ዑቕባሚካኤል ተስፉማርያም ደስታ ስለዝዐረፈ፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/12/24 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ይቕረብ።

የማ ተወልደብርሃን ብርሃኑ፡ ኣቦይ ተወልደብርሃን ብርሃነ ሞገስ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን11/12/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ሃብተጼን ምኖሮ፡ ስም ኣደይ ዓቤት ኑረዲን ኤገከረ ምባል ተሪፉ፡ ዋሌት ኑረዲን ኤገከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ከረን

ወ/ሮ ሃደር መሓመድ ዐሶማን ስዒድ፡ ኣደይ ወ/ሮ ሚዛን ይሁን ቱሩ፡ ኣብ 2018 ምስ ወጸት ደሃይ ስለ ዘይብሉ፡ ጥፍእቲ ተባሂላ ይተኣወጀለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርዓየስ ብዩት ሃብተሚካኤል፡ ብዓል ቤተይ ፍረወይኒ ተስፉይ ዑቕባይ ስለዝዐረፈት፣ ንዓይ ናይ መጸምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን12/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ዋህባ ያሲን ሓጀኢብራሂም፡ ክንሱ ኣብ ቤ/ጽሕፈት ኣምሓራሽን ዞ/ጋ/ባርካ ን/ዞ/ባረንቱ፡ ስም ዋሃባ ኣብ ኮምፕዩተር ስለዘየሎ፡ ናብ ህያብ ሓጀኢብራሂም ተባሂሉ ይተኣረመለ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን2/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ተጸዋዕቲ ኣቶ መሉጌታ ፍቓዱ ተኽሉ 2. ኤልሳ ፍቓዱ ተኽሉ 3. ኣቶ ከስተ ፍቓዱ ተኽሉ 4. ሄለን ፍቓዱ ተኽሉ 5. ወ/ሮ ኣስመረት ፍቓዱ ተኽሉ 6. ኣቶ ዳንኤል ፍቓዱ ተኽሉ 7. ኣቶ ኣሸብር ፍቓዱ ተኽሉ 8. ወ/ሮ ገዛቸን ፍቓዱ ተኽሉ 9. ወረ/ፍ ክብራ ፍቓዱ ተኽሉ 9.1 ሰምረት መዝገበ 2. ሂወት መዝገበ 3. ኣብዲት መዝገበ ንዅኩም ዝምልከት ናይ ፈጸሚ ጉዳይ ቀሪቡ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን5/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብዘየለኹምሉ ክርአ ምዃኑ ክፍልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ኣቑርደት

የርሳሌም ባህልቢ ፍስሃየ ምባል ተሪፉ፡ ዶናት ባህልቢ ፍስሃየ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ሰላማዊት ከስተ ተኽሉ፡ ኣደይ ሮማ ቀለታ ሃይሉ ስለዝዐረፈት፡ 2 ደቃ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍረወይኒ ፍታሌ ገብረሃዋርያት ምባል ተሪፉ፡ ፍረወይኒ ንፍታሌም ገብረሃዋርያት ዋሌት ኑረዲን ኤገከር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሓበን ሳምኤል ብርሃኑ፡ ኣቦይ ሳምኤል ብርሃነ ኪዳንማርያም ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ሳዕድያ መሓመድ ሓሰን ምባል ተሪፉ፡ ሳዕድያ መሓመድ ኣሰድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጀርም መብራሃቱ ገብረሂወት፡ ሕጋዊ ወኪል ኣቶ ሳሚኤል መብራህቱ፡ ተኸሳሲ ኣቶ የሰፍ ገብረእግዚኣብሄር ናይ ሓዳር ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ን31/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ትርሓስ ንገሰ ኣርኣያ፡ ብዓል ቤተይ መንግስትኣብ ወረደ ማዕቁባይ ስለዝተሰውኡ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/10/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወባ ኣለም ፈጡ፡ ኣነ ካብ ተጸዋዒ ብ11/5/22 ዓ/ም ፍርደ ዝሃኽታ መኪና ቁጽሪ ሰሌዳ E.R.1.c 2590 ዝኾነት ብ30.000 ብሰላሳ ሽሕ ናቕፋ ገዚአ ናብ ስመይ ከየሰጋገረለይ ኣድራሻኡ ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ተጸዋዒ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን4/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ውዳሴ ገብረእግዚኣብሄር ኪዳ፡ ብዓል ቤተይ ሰሸር ሃብተ ሰለባ ስለዝዐረፈ፡ ኣነ ምስ 6 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ 1/11/24 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ኣነ ካሕሳይ ዓንደማርያም ሃብተስላሴ +1 ዝተበሃልኩ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ምም/ን/ዞባ ኣኸርያ ከቢ ማይ ኣምባሰ ፕሎት 22R ፓርሰል S ዚፕ ኮድ 1A168 ጎደና 168-9 ቁ ገዛ 54 ዝርከብ፡ ኣብ ሚኒስትሪ መሬት ማይን ኣከባቢ ቤት ጽሕፈት ካዳስተር ብቁጽሪ ምዝገባ ንብረት 1BRASM007062/2 ብስም ካሕሳይ ዓንደማርያም ሃብተስላሰ +3 ተመዝጊቡ ዋንነቱ ዝተረጋገጸ፡ ብዕለት 24/07/2024 ኣብ ቅድሚ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ጅዳ ብዘዝበርናዮ ምቅሊት፡ ተጠቃሲ ገዛ ናባና ስለ ዝጸሕ'ሞ ስም ዋንነት ናይ ስምና ክመሓላለፍ ስለ ዝደለና፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መእገዲ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ቤ/ጽ ካዳስተርን የቕርብ።

ኣቶ ካሕሳይ ዓንደማርያም ሃብተስላሴ +1

---

ብስም ማክዳ ፍስሃየ ስእሉ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00036646 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ብደሆ ቁ.ገዛ 90/94 ዝርከብ ናይ ቤት መግቢን መስተን ትካለይ ንኣቶ ኤሸን ሰለሙን ሃብተጻየን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4 ኣስመራ ጎደና 131-13 ቁ.ገዛ 44 ካብ ዕለት 01/10/24 ክሳብ ዕለት 30/09/2029 ኣካርየዮ ስለዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ማክዳ ፍስሃየ ስእሉ

---

ብስም ርሻን ዕቑባዝጊ ዓንደሚካኤል ዝተመዝገበ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00000556 ዝኾነ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 176/19 ቁ.ገዛ 13 ዝርከብ ናይ ቤት ቁርሰን በልያርዶን ትካለይ ንኣቶ ጸሃየ ገብረእግዚኣብሄር ገብረኪዳን ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ገጀረት ጎደና 752-10 ቁ.ገዛ 10 ካብ ዕለት 01/10/24 ክሳብ ዕለት 31/12/2025 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ክፍልጥ።

ርሻን ዕቑባዝጊ ዓንደሚካኤል
ሕጋዊ ወኪል ረዘነ ገብረሃዋርያት ሓድጉ

# ስፖርት


ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

# ኤርትራ፡ ሕጂውን ኣብ ሓደ ረፍዲ ሰለስተ መዳልያታት ኣምጺኣ

## ኣድያም፡ ሻምፕዮን ኮይና

ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ፡ ትማሊ ኣብ ናይ ዓበይቲ ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ኣንስትዮ ናይ ጸርጊያ ውድድር ሻምፕዮን ቅድድም ብሸኽለታ ኣፍሪቃ፡ ሰለስተ መዳልያታት ዝበዝሐ መዳልያታት ሐዚ ዝወደአት ዓንተር ሃገራዊት ጋንታ ምፍና ኣረጋገጹ።

ንፈለማ ግዜ ኣብ ኬንያ ዝቕጸል ዘሎ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ናይ 2024 መሰናድኦኡ ክዘዘም፡ እኹ ውድድር ተረፋቶ ኣሎ - ናይ ዓበይቲ ትሕቲ 23 ዓመትን ደቂ ተባዕትዮ ናይ ጸርጊያ ውድድር፡ ናይ ዝሓለፉ ክልተ ዓመታት ሻምፕዮን ብመገዲ ሄኖክ ምሉእብርሃን ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ዝኾነት ኤርትራ፡ ክብራ ንምዕቓብ ሎሚ(ሰንበት) ዒቢ ስራሕ ደጸቢዩ፡ ኣቦታ ጋንታ ብባብኡ




ባንዴራ ኤርትራ ጸብለል ክትብል ዝገበራ ኣድያምን ሱዛናን

ክትዕወት እንክሎ ኣድያም ዳዊት ሻምፕዮን ትሕቲ 23 ዓመት ኮይና።

ኣብዚ 104.4 ኪሎሜተር ዝሸፈነ ውድድር፡ ዝተፈላለየ ናይ ምምላቕ ፈተና ተካይዱ ነይሩ። መወዳእታ ግን ዕወት መጥቃዕቲ ተኻፍዩ። ካብ ኤርትራ - ኣድያምን ሱዛና ፍስሃየን ክልተ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ክልተ ካብ ርዋንዳ ክልተ ከኣ ካብ ኢትዮጵያ - ሸሞንተ ተቐዳደምቲ ብሓባር ካብ መወዳድርተን ተፈልየን ንዊሕ ኪሎሜተር ተጓዒዘን። ምስታ ድሕሪኣን ዝነበረት ጉጅለ ከኣ ክሳብ ናይ ልዕሊ ኣርባዕተ ደቓይቕ ፍልልይ ገይረን።

ውድድር 16 ኪሎሜተር ምስ ተረፎ፡ ደቡብ ኣፍሪቃዊት ኣሊሽያ ሙልዋን፡ መጥቃዕቲ ብምግባር ንበይና ተሓንበበት። ግብረ-መልሲ እትህብ ተቐዳደምቲ'ውን ኣይነበረትን። እዛ ኣብ ዓበይቲ ዓለምለኻውያን መድረኻት ዝተወዳደረት ምኩርቲ ጓል 38 ዓመት ተቐዳዳሚት፡ ፍልልያ እናኣግፍሐት ከይዳ። ኣብ መወዳእታኡ'ውን ብዘይተቓጸ. ብ3 ሰዓት፡ 7 ደቒቕን 50 ካልኢትን ቀዳመይቲ ኣትያ። ናይ ዓበይቲ ሻምፕዮን ድማ ኮይና። ብድምር ንሓሙሻይ ግዜኣ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ኮይና ማለት እዩ። ካብ 2011 ክሳብ 2015 ኣከታቲላ ንኣርባዕተ ዓመታት (2014 ኣይተቐየደን) ሻምፕዮን ዝኾነ ኣሊሽያ፡ ድሕሪ ዓወታ ጋንታኣ ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ዓበላሊት ምኻና እኳ እንተተሓበረት፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ግና፡ ኤርትራ ከምዝኾነ ገሊጻ፡ ብዓበኡ ብዘዕበ'ቲ ቢንያም ግርማይ ዝሰርሖ ታሪኽ'ውን ክትገልጽ ተሰሚዓ።



ዕዉታት ኣሊሽያ ሙልዋን፡ ኣድያም ዳዊትን ዲያና ኢንጋቢረን

ድሕሪዛ ተቐዳደምቲ እናተሓለለዋ ድሕሪ ሸውዓተ ደቓይቕ ናብ መዛዘሚ ዝበጽሓ ሓያሎ ተቐዳደምቲ ነይረን። ኣድያም ዳዊት፡ ብቕኢ ሩዋንዳዊት ዲያና ኢንጋብረ ረቲዓ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ኮይና። ኣቐዲማ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ንፈለማ ግዜኣ ሻምፕዮን ኮይና'ያ - ኣድያም። እዛ ኣብ ናይ ግዜ ውድድር ብሩር መዳልያ ኣንጠልጢላ ዝነበረት መንእሰይ፡ መደብ ቀዳመይቲ ምውጻእ ምንባሩ ብምግላጽ፡ ንኣበርክቶ ደቂ ጋንታኣ ኣመስጊና።



ክዕወት ትጽቢት ዝግበረሉ ሄኖክ ምሉእብርሃን

ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት፡ ሩዋንዳዊት ድጓዚላ ኣምዋሚኽዚ ተሸላሚት ብሩር መዳልያ ክትኸውን እንከላ፡ ኣቐዲማ ሻምፕዮን ናይ ግዜ ውድድር ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ዝኾነት ኤርትራዊት ሱዛን ፍስሃየ ከኣ ኑሓስ መዳልያ ኣንጠልጢላ።

ብዘይካዚ ኣብ ኣጋ ምዛዛም ካብታ ጉጅለ ዝተጸምበረታ ሚለና ያፌት ሻሙናይ ደረጃ ክትሕዝ እንከላ ኣብ ናይ ትሕቲ 23 ዓመት ሓሙሻይቲ ተሰሪዓ። ቅሳት ወልደሚካኤል ከኣ 21 ደቒቕን 28 ካልኢትን ድሕሪ መበል 23 ኣትያ።

በዚ ወጽኢት፡ ኤርትራ ትማሊ ሓንቲ - ወርቂ ብሩርን ኑሓስን ብድምር ሰለስተ መዳልያታት ኣምጺኣ። ኣቐዲማ ሓሙሽተ ወርቂ፡ ሰለስተ ብሩርን ኑሓስን ብድምር 11 መዳልያታት ተዓዊታ ብምንባራ ከኣ ወሃሉል መዳልያታታ ናብ 14 ክብ ብምባል

እንኮ ፕሮፌሽናል ተቐዳዳማይ ዝኾነ ሄኖክ፡ ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ኣከታቲሉ ሰለስተ ግዜ ሻምፕዮን ዝኾነ ፋልማይ ተቐዳዳማይ ብምዃን ዒቢ ክብሪ ክረክብ እዩ - ምስ ዝዕወት። ጽቡቕ ዕድል ነታ ብሞዛዕናት ዜና ኬንያ "ማዘና ኣልቦ" እናተባህለት እትጽዋዕ ዘላ ሃገራዊት ጋንታ ኤርትራ!

## ፕረዚደንት ብራዚል፡ ናብ በዓል ቪንሰየስ ዝቐንዐ መልእኽቲ ሰዲዱ

ፕረዚደንት ብራዚል ሉላ ዳ ሰልቫ፡ ሃገራዊት ጋንታ ኩዕሶ እግሪ ሃገሩ፡ ካብቶም ኣብ ኤውሮጳ ዝጻወቱ ንላዕሊ፡ ኣብ ውሽጢ ሃገር ንዝጻወቱ ክትመርጽ ጸዊዑ።

ኣብ መጻረዪ ግጥማት ዋንጫ ዓለም 2026 ብተደጋጋሚ ክትሰዐር ዝጸንሐት ብራዚል፡ ዝሓለፈ ሓሙስ ንቺሌ 2-ብ1 ረቲዓ ናብ መገዲ ዓወት ብምምላሳ፡ ብማጠቱ ካብቲ ክወርዳ ዝጸንሐ ኾፈታ ድሒና። ኣቦታ ጸወታ ከኣ፡ ኣጥቃዓይ ሪያል ማድሪድ ቪንሰየስ ጁንየር ብሰንኪ መጉዳእቲ ብዘይምስላፉ፡ ኣጥቃዓይ ብራዚላዊት ክለብ ቦታፎጎ ሀንሪክ እዩ ተሰሊፉ። ንታ ኣብ መበል 89 ደቒቕ ዝተመዝገበት መዐወቲት ሹቶ ድማ ኣመዝጊቡዋ። ብሓፈሻ ኣቦታ ጸወታ፡ ናይ ውሽጢ ዓዲ ተጻወትቲ እታ ሃገር ሰሓቢ ምንቅስቓስ ከምዝርኣዩ ይትንተን።



በዚ ከኣ እቲ ፕረዚደንት፡ "እቶም ኣብ ደገ ዝጻወቱ (ኣብ ኤውሮጳን ካልኦትን ንምባል እዩ) ካብቶም ናይ ውሽጢ ሃገር ተጻወትቲ ኣይበልጹን እዮም። ኣብ ብራዚል ማዕረ'ቶም ናይ ደገ ተጻወትቲ ብቕዓት ዘለዎም ተጻወትቲ ኣለዉ። ስለዚ ዕድል ሃብዎም።" ኢሉ። ንፕረዚደንት ኩዕሶ እግሪ እታ ሃገር ረኺቡ ኣብ ክንዲ እቶም ኣብ ኤውሮጳ ምስ ሪያል ማድሪድ ዝጻወቱ - ቪንሰየስ ሮድሪጎ ሚሊታኦን ኢንድሪክ ከምኡ'ውን ናይ ባርሰሎና ራፊንያ፡ ዝም ናይ ውሽጢ ሃገር ተጻወትቲ ክጥምት ከምዝተላበዎ ድማ ተሓቢሩ።

### መኣረምታ

ኣብ ናይ ትማሊ ሕታምና፡ "ኣብ ታሪኽ እዚ ውድድር ንፈለማ ግዜ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ዝኣተዉ ኤርትራውያን ተቐዳደምቲ ኬሽን ናህምን ሰምን" ኣብ እትብል ስእሊ፡ ንኻልኣይ ግዜ ተባዚሉ ክጽሑብ ምስ ናይ ይቕሬታኡ ንሕብር።

### ሳካ፡ ናብ ክለቡ ተመሊሱ


ኣጥቃዓይ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ በካዮ ሳካ፡ ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ ካብታ ጋንታ ምእላዩን ናብ ክለቡ ኣርሰናል ምምላሱን ተገሊጹ።

ዝሓለፈ ሓሙስ ብግሪኽ 2-ብ1 ኣብ ዝተሳዕረሉ ናይ ኔሽንስ ሊግ ጸወታ መጉዳእቲ ዘገጠሞ ሳካ፡ ንተወሳኺ መርመራ እዩ ናብ ክለቡ ተመሊሱ ዘሎ። መጉዳእቱ ንዊሕ ግዜ ካብ ጸወታ ዝፈልዮ ምስ ዝኸውን ከኣ ነታ ኣብ ፕሪመር ሊግ ብ17 ነጥቢ ሳልሳይ ደረጃ ሒዛ ዘላ ክለቡ፡ ሕማቕ ዜና ከምዝኾነ ይሕበር።

ንኽርቲስ ጆንስ'ውን ብሰንኪ ወልቃዊ ጉዳይ ዘይትጥቀመሉ እንግሊዝ፡ ሎሚ ኣንጻር ፊንላንድ ጸወታ ይጸንሓ ኣሎ።

## ማቲፕ፡ ጥሮታ ወጺኡ

ናይ ቀደም ተኸላኻሊ ሊቨርፑል ዩኤል ማቲፕ፡ ኣብ መበል 33 ዓመቱ ካብ ኩዕሶ እግሪ ጥሮታ ምውጻኡ ትማሊ ኣፍሊጡ።




ኣብ 2009 ናይ ዓበይቲ ፕሮፌሽናል ጸወታ ምስ ጀርመናዊት ክለብ ሻልከ ዝጀመረ ማቲፕ፡ ኣብ 2016 ብናጻ ናብ ዓባይ እንግሊዛዊት ክለብ ሊቨርፑል ተጸምቢሩ። ክሳብ ዝሓለፈ ወቕቲ ኣብ 201 ዝተፈላለዩ ግጥማት ክወቕስ እንከሎ፡ ብዩርገን ክሎፕ እናሰለጠነ ከኣ፡ ዋንጫ ፕሪመር ሊግን ሻምፕዮንስ ሊግን ዝርከቦ ሓሙሽተ ዓበይቲ ዋንጫታት ዓቲሩ።

ብሰንኪ ማስበርቲ ካብ ብርክት ዝበሉ ግጥማት'ውን ክበኵር ዝተቐሰበ ማቲፕ፡ ኣብ ታሕሳስ 2023 እዩ ንመወዳእታ ግዜ ንጋንታኡ ተጻዊቱ። ምስ ምዝዛም 2023-24 ካብዛ ጋንታ ምስ ተፈነወ ዝጸምበራ ሓዳስ ክለብ ከይረኸበ ክጉዓዝ ድሕሪ ምጽናሕ ከኣ፡ ጫማኡ ምስቃሉ ትማሊ ኣፍሊጡ።

እዚ ኣብ ጀርመን ዝተወልደ ካሜሩናዊ፡ ካብ 2010 ክሳብ 2015 ነዛ ኣፍሪቃዊት ሃገር ወኪሉ ኣብ 27 ግጥማት ተጻዊቱ ነይሩ። ወላኳ ሃገሩ ኣብ 2017 ዋንጫ ኣፍሪቃ ክጻወት ጸዊዒት እንተኣቕረበትሉ፡ ንሱ ግና፡ ጻዊዒታ ብምሕሳም ካብ ኣህጉራዊ ግጥማት ጥሮታ ምውጻኡ ኣፍሊጡ ኣሎ። ኣካይዳ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ስለዘየሐጎሶ ከምዝጠንጠና ድማ፡ ድሒሩ ተዛሪቡ።

### መደብ ጸወታ

ሎሚ

ኔሽንስ ሊግ

ፊንላንድ - እንግሊዝ 9:45 ምሸት


ኦስትሪያ - ኖርወይ 9:45 ምሸት

ጽባሕ

ኢጣልያ - እስራኤል 9:45 ምሸት

በልጅዩም - ፈረንሳ 9:45 ምሸት

ጀርመን - ሆላንድ 9:45 ምሸት



# ዳህሳስን ምርምርን

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ኣብ ፍርያት ጸጉሪ ርእሲ ዝርከብ ከሚካል፡ ሓደገኛ ባእታ ይተፍእ

ኣብ ኣመሪካ ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ንጸጉሪ ርእሲ ዝተፈላለዩ ቅርጺ ንምትሓዝን ንምንጽብራቑን ዘገልግሉ ከም ዘይቲ፡ ጀልን ስፕረይን ዝኣመሰሉ ፍርያት፡ ንሓዊ ምስ ዝቃልዑ፡ ሓደገኛ ባእታታት ከምዘተፍኡ ተሓቢሩ።



እዞም ጸጉሪ ርእሲ ንምምልኻዕ ዘገልግሉ ፍርያታት፡ ልዑል ጠሉብ ዘለዎም ኮይኖም፡ ብፓላስትራ ኮነ ናይ ሓዊ መመሸጥ ተጠቒምካ ንልዑል ሙቐት ምስ ተቃልዑ፡ እቶም ኣብ ናይ ጸጉሪ ፍርያት ዝርከቡ ከሚካላት ረሲኖም ጎዳኢቲ ባእታታት ከምዝተፍኡ እዩ ዝገለጸ ዘሎ።

ሓደ ኣብ’ዞም ንምክንኻን ጸጉሪ ርእሲ ዝውዕሉ ፍርያት ዝርከብ ‘D5 ስሎክሰይን’ ዝበሃል ባእታ፡ ማዕረ ክንደይ ጎዳኢ ምዃኑ ንምፍላጥ ኣብ እንስሳታት ኣብ ዝተኻየደ ፈተነ፡ እዚ ባእታ’ዚ ኣብ ናይ ምስትንፋስ ስርዓት፡ ጸላም ከብድን ስርዓተ መትንን ጸገም ከምዝምጽእ እዩ ክፍለጥ ተኻኢሉ ዘሎ። ኣብ ሰብ ዘለዎ ሳዕቤናት ግን ክሳብ ሕጂ ንጹር ዘይምዃኑ ይንገር።


እዞም ጸጉሪ ርእሲ ንምምልኻዕ ኣብ ዝውዕሉ ፍርያት ዝርከቡ ባእታታት፡ ብረስኒ ናብ ኣየር ምስ ተተፍኡ፡ ቅድሚ ተበቲኖም ምብናኖም፡ ንከባቢ 20 ደቓይቕ ኣብ ኣየር ዘንበዮም ክጸንሑ ከምዝኽእሉ ይሕበር። ካብ’ቲ ጸጉርኻ ዘመዓራረኻሉ ቤት ቀልጢፍካ ዘይምውጻእ ከኣ፡ ነቶም በዓንቲ ባእታታት ብብዝሒ ንኸትቃለዕ ከምዘኩብረካ ይግለጽ። እዚ ብዝያዳ ኣብ እንዳ መኻጢት ዝርአ ጸገም፡ ነዞም ፍርያት ዝጥቀሙ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ጸጉረን ቅድሚ ንረስኒ ምቕላዑ፡ ፍሌስትራን ኣፍደገን ክኸፍታ ከምዝለወን እዩ ዝምክር። እቲ ዝበለጸ ኣማራጺ ግን ነዞም ሓደገኛታት በዓንቲ ባእታታት ዘለዎም ፍርያት መመላኸዪ ጸጉሪ ርእሲ ዘይምጥቃም ምዃኑ፡ ኣካየድቲ ናይ’ዚ መጽናዕቲ የመልክቱ።

## ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ ምግታእ ጸቕጢ ደም

ተመራመርቲ ዩኒቨርሲቲ ካሊፎርንያ፡ ካብ ዕድመ መንእሰይ ንደሓር ኣብ ዘሎ ግዜ እተካየዶ ኣካላዊ ምንቅስቓስ፡ ኣብ ምግታእ እቲ ምስ ምውሳኽ ዕድመ ዝመጽእ ጸቕጢ ደም ኣበርክቶ ከምዘለዎ ሓቢሮም።

ልዑል ጸቕጢ ደም፡ ንብልዮናት ዝቑጸሩ ሰባት ኣጥቂዑ ዝርከብ ጸገም ጥዕና ኮይኑ፡ ወቕዕን መጥቃዕቲ ልብን የስዕብ። ብተወሳኺ፡ እዚ ጸገም ጥዕና ሓደ ካብ ጠንቅታት ሕማም ረሰዕ ምዃኑ ይሕበር። ንልዑል ጸቕጢ ደም ኣመልኪቱ ብውድብ ጥዕና ዓለም ኣብ ዝተኻየደ መጽናዕቲ፡ ሓደ ካብ ኣርባዕተ ደቂ-ተባዕትዮ ጸቕጢ ደም ክህልዎ ከሎ፡ ካብ ሓሙሽተ ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ ሓንቲ እዚ ሕማም ተማዕቢላ። እንተኾነ፡ እዚ ሕማም ጎሊሖም ዝርአዩ ምልክታት ስለዘይብሉ፡ ዝበዝሑ ጸቕጢ ደም ዘለዎም ሰባት፡ እዚ ጸገም ጥዕና ከምዘለዎም ዘይፈልጡ ምዃኖም እዩ።

እዚ መጽናዕቲ ልዕሊ 5 ሽሕ ሰባት ዝሳተፉ ኮይኑ፡ ን30 ዓመታት ተኻዪዱ። ካብ መጀመርያ ዕድመ ዕስራታት ንደሓር ዝካየድ ማእከላይ ኣካላዊ



ምንቅስቓስ፡ ኣብ ምክልኻል ጸቕጢ ደም ኣድማዕነት ከምዘለዎ ድማ’ዩ ክንጸር ተኻኢሉ ዘሎ።

ኣብ ሰሙን ንሓሙሽተ ሰዓታት፡ ማእከላይ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ምኽያድ፡ ልዑል ጸቕጢ ደም ከምዝከላኸል ዘመልከቱ፡ እቶም ተመራመርቲ፡ እዚ ዓይነት ኣካላዊ ምንቅስቓስ ካብ ዕድመ መንእሰይ ክሳብ ዕድመ 60ታት ምስ ዝቕጽል፡ እዚ ሕማም ብዝተፈላለዩ ምኽንያታት ክምዕበል ዘለዎ ተኽእሎ ኣዝዩ ዝተሓተ ከምዝኸውን ኣረጋጊጾም።

## “ኣልኮላዊ መስተ ዘዘውትራ ነፍሰ-ጾራት፡ ተገንዘቦኣዊ ዓቕሚ ውላደን ይትሕት” ተመራመርቲ

ኣብ እዋን ጥንሲ ኣልኮላዊ ማስተ ምስታይ፡ ኣብ ቅርጺ ገጽን ተገንዘቦኣዊ ዓቕምን ናይ’ቲ ዝውለድ ቈልዓ ጎቦ ለውጢ ከምዝስዕብ፡ ኣብ’ቲ ብሆላንዳውያን ተመራመርቲ ዝተኻየደ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።



እዚ መጽናዕቲ፡ ኣብ መባእታ ደረጃ ትምህርቲ ኣብ ዝርከቡ 5,600 ዝበጽሑ ቈልዑ እዩ ተኻዪዱ። እቶም ኣብ እዋን ጥንሰን ኣልኮላዊ ማስተ ካብ ዝሰትያ ዝበራ ኣደታት ዝተወልዱ ቈልዑ፡ ምስ’ቶም ካብ’ተን ዘይሰትያ ዝበራ ኣደታት ዝተወልዱ ቈልዑ ምስ ተነጻጸሩ፡ ዝተፈለየ ቅርጺ ገጽ ዘለዎም ኰይኖም ከምዝተረኽቡ፡ እቶም ተመራመርቲ ክዕዘቡ ክኢሎም ኣለው።

ንሳቶም፡ ኣብ እዋን ጥንሲ ኣብ ሰሙን 12 ግራም ኣልኮላዊ ማስተ ምስታይ፡ ኣብ ገጽ እቲ ዝውለድ ቈልዓ ነቦ ለውጢ ከምዘኸትል፡ ኣረጋጊጾም ኣለው። እቲ ኣልኮላዊ ማስተ ብማእከላይ ዓቐን ካብ እተዘውትር ዝበረት ኣደ ዝተወልደ ቈልዓ፡ ካብ’ታ ኣብ ግዜ ጥንሳ ኣልኮላዊ ማስተ ዝበሃል ዘይትጥዕም ዝበረት ኣደ ዝተወልደ ቈልዓ ንላዕሊ፡ ዝተወጥወጠ መንከስ ከምዘለዎ ድማ ሓቢሮም።

ብተወሳኺ፡ ኣልኮላዊ ማስተ ካብ እትሰቲ ነፍሰጾር ዝተወልደ ቈልዓ ንላዕሊ ገጹ ጥፍንቕ ዝበለ ኣፍንጫ ክህልዎ ከሎ፡ ትሕቲ ኣዒንቱ ዘሎ ቦታ ከኣ ቀርቀር ዝበለ ምዃኑ ኣረጋጊጾም። እተን ኣደታት ነብሰጾራት ኣብ ዝበረሉ ግዜ ዝወሰደኦ ዝበራ ዓቐን ኣልኮላዊ ማስተ እናለዓለ ምስ ዝኸይድ፡ ኣብ ገጽ እቶም ቈልዑ ዝርአዩ ለውጥታት ድማ እናጎልሑ ከምዝኸዱ ጠቒሶም። ይኹን’ምበር፡ እዞም ኣብ ገጽ እዞም ቈልዑ ዝተራእዩ ለውጥታት፡ ምስ ምውሳኽ ዕድመ እናሃሰሱ ከምዝኸዱ እቶም ክኢላታት ኣስዒቦም ይሕብሩ።

ኣብ ግዜ ጥንሲ፡ ልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ ማስተ ምዝውታር፡ ኣብ ገጽ፡ ጥዕና፡ ጠባይን ኣእምሮን እቲ ዝውለድ ቈልዓ ለውጢ ከምዘስዕበዩ ኣብ ዝተፈላለዩ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዝጥቀስ፡ ካብ’ዚን ልዑል ዓቐን ኣልኮላዊ ማስተ ዝሰትያ ኣደታት ዝተወልዱ ህጻናት፡ ኣዝዩ ቀጢን ላዕለዋይ ከንፈር፡ ንላዕሊ ጥፍንቕ ዝበለ ኣፍንጫን ደቂቕ ኣዒንትን ክህልዎም ከሎ፡ ኣብ መንጎ ትሕቲ ኣፍንጫኦምን ላዕለዋይ ከንፈሮምን ዘሎ ዓሚቝ ቁርበት ከኣ፡ ለሚጽ ከምዝኸውን ኣፍሊጦም። ብዘይካ’ዚ፡ እዞም ቈልዑ፡ ናይ ምድሃብ ምዙርጋን ምስ ካልኦት ሰባት ናይ ምውሳእን ዓቕሞም ትሑት ከምዝኸውን፡ እዞም ተመራመርቲ ይጠቕሱ።

ንሳቶም ኣብ መወዳእታ፡ ክጠንሳ ዝሓስባ ደቂ-ኣንስትዮን ነፍሰጾራት ኣደታትን ንጥዕና እቶም ዝወልደኦም ዕሸላት ክበሃ፡ ኣልኮላዊ ማስተ ጠቕሊለን ክጥንቀቓ ከምዘይብለን ኣዘኻኺሮም።

## ምምህማን ኣዕጽምቲ ምስ ብከላ ኣየር ዘለዎ ምትሕሓዝ

ልዑል ብከላ ኣየር ምስ ሕማም ምምህማን ኣዕጽምቲ (ኣስተዮፖሮሰስ) ከምዝተሓሓዝ፡ ኣብ ሓደ ሓዱሽ መጽናዕቲ ተሓቢሩ።



ጸገም ምምህማን ኣዕጽምቲ ምስ ዕድመ ዝመጽእ ኮይኑ፡ ብዕድመ ዓበይቲ ኣብ ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ብዝያዳ ጎሊሑ ይርአ። እዚ መጽናዕቲ ኣብ ደረጃ ንጽሬ-ጽግያት ዝርከብ ከባቢ 9 ሽሕ ደቂ-ኣንስትዮ ዝሳተፋ ኮይኑ፡ ንሽዱሽተ ዓመታት’ዩ ተኻዪዱ። ኣብ’ቲ ዝተረኽበ ውጽኢት ድማ፡ ዓቐን ብከላ ኣየር እናለዓለ ምስ ዝኸይድ፡ ኣዕጽምቲ ዕድመ ዓበይቲ ሰባት ከኣ እናማህመነ ከምዝኸይድ ተሓቢሩ። ካብ’ዚ ተበጊሶም ድማ፡ ልዑል ብከላ ኣየር፡ ሓደ ካብ ጠንቅታት ምምህማን ኣዕጽምቲ ክኸውን ከምዝኽእል፡ ብኣካየድቲ ናይ’ዚ መጽናዕቲ ይግለጽ ኣሎ።

ኣቐዲሞም ዝተኻየዱ መጽናዕትታት ከምዘመልከትዎ፡ ልዑል ብከላ ኣየር፡ ተኽእሎ መንቃዕቲ ኣዕጽምቲ ዘልዕል ኮይኑ፡ ምስ ግዜ ድማ ምምህማን ኣዕጽምቲ የስዕብ። ሓደ ካብ ባእታታት ብከላ ኣየር ዝኾነ ‘ናይትሮጅን’ ምስ ምምህማን ዓጽሚ ዓንዲ ሕቖ ከምዝተሓሓዝ እዩ ኣብ’ዚ መጽናዕቲ ተገሊጹ ዘሎ።

ዓቐን እቲ ካብ ተሽከርከርቲ ዝትፋእ ‘ናይትሮጅን’፡ ኣብ ውሽጢ ሰለስተ ዓመት ብ10 ሚእታዊት ምስ ዝልዕል፡ ጻዕቂ ማዕድናት ዓጽሚ ዓንዲ ሕቖ ድማ፡ ዓመታዊ ብ1.22 ሚእታዊት ከምዝጎድል’ዩ ተሓቢሩ። ካብ’ቲ ብኡርጋን ኣብ ዓጽሚ ዓንዲ ሕቖ ክስዕብ ዝኽእል ምምህማን፡ እቲ ብብከላ ኣየር ዝስዕብ ምምህማን ብዕጽፊ ከምዝልዕል ከኣ ተሓቢሩ ኣሎ።

ጸገም ምምህማን ኣዕጽምቲ ዘለዎም ዓበይቲ ሰባት፡ ብከላ ኣየር ብብዝሒ ካብ ዘለዎ ከባቢ ክርሕቁ፡ ሃገራት ከኣ ንመጠን ብከላ ኣየር ብከፊሉ ብምጕዳል፡ ኣብ ጥዕና ዜጋታተን ኣበርክቶ ክህልወን፡ ኣካየድቲ ናይ’ቲ መጽናዕቲ ኣብ መወዳእታ ተማሕጺኖም።

## ጥረታት ምምጋብ፡ ነዊሕ ሰዓታት ከይጠመኻ ክትጸንሕ ይሕግዝ

ኣብ ብሪጣንያ ዝርከቡ ስነፍልጠተኛታት፡ ተኽእሎ ሕማም ሽኮርን ክረሻን ዘጕድል፡ ንነዊሕ ሰዓታት ከየጥመየካ ድማ ዝጸንሕ ሓርጭ ካብ ጥረምረ ከምዝምዕበሉ ሓቢሮም።

ከም ባልዶንጓ፡ ብርስንን ዓተርን ዝኣመሰሉ ጥረምረ፡ ኣብ ምህሳው ማእከላይ ክብደትን ምትሓት ተኽእሎ ሕማማት ልብን ኣድማዕቲ ምዃኖም ብክኢላታት ይግለጽ። እዚ ኣብ ወለንተኛታት ሰባት ዝተፈተነ መጽናዕቲ፡ እቶም ጥረምር ብዝተሓወሶ ስርናይ ዝተሰርሐ ባኒ ዝበልዑ ሰባት፡ ካብ’ቶም ብስርናይ ጥራይ ዝተሰርሐ ባኒ ዝበልዑ ንላዕሊ፡ ንነዊሕ ሰዓታት ጸጊቦም ከምዝጸንሑ ተፈሊጡ።



ብዘይካ’ዚ፡ እቶም 30 ሚእታዊት ዓተር ዝተሓወሶ ሓርጭ ስርናይ ዝተሰርሐ ባኒ ዝበልዑ ሰባት፡ ኣብ ደሞም ዝርከብ ዓቐን ሽኮር ብ40 ሚእታዊት ክጎድል ከምዝኽእል፡ እቶም ስነፍልጠተኛታት ኣረጋጊጾም።

ጥረምረ ትሕዝቶ ጽሕጊ ስለዘለዎም፡ ብዝተፈላለየ መልክዖት ኣብ ዕለታዊ ኣመጋግባ ምዝውታር ኣገዳሲ ምዃኑ ድማ ወሲኾም ኣዘኻኺሮም።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ቤት መሸጣ መድሃኒት ዓሱብ<br>ፋርማሲ ኣኽርያ<br>ፋርማሲ ማይ ተመናይ | 13/10/24 | ጎደና ኣፍዓበት ቁ.105፥ቁጽ. 2ይ መደበር ፓሊስ(ካርሸሊ)<br>ጎደና ሽርኢት- 135፥ቁጽ. ኣኽርያ<br>ጎደና ዓዲ ኣበይቶ ቁ.315 ፥ቁጽ. ቤተ ክርስትያን ኣቡነ ኣረጋዊ | 123105<br>08370238<br>08370134 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services